# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.3 ሓሙስ 4 መስከረም 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ሓጺር ዝኽሪ ህይወት



ገጽ 4 ዝኽሪ መስከረም



ገጽ 5 ድኻታት ሃገራት ብኸመይ ንሃብታማት የሀብትማኦን፧



ገጽ 9 ሕቶ ኣፍደገ ባሕሪ ብመንጽር ኣህጉራዊ ሕጊ


## ሜ/ጀነራል ሮሞዳን፡ ንኣባላት መበል 38 ዙርያ ሃ/ኣገልግሎት ሰሚናር ሂቡ





ስእሊ. ሙሴ ኪዳነ

ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዐስማን ኣውልያይ፡ ብምኽንያት ሓደ መስከረም - ዝኽሪ መበል 64 ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንኣባላት መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ከምኡ'ውን ንኣባላት ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ብዛዕባ ቃልሲ ኤርትራ ንናጽነትን ዝሓለፎ መስገደላትን ሰሚናር ኣቕሪቡ።

ኣብቲ ብ1 መስከረም ዝሃቦ መግለጺ፡ ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን፡ ኣብ እዋን ምዝርዛር መግዛእቲ ካብ ኣፍሪቃ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከም'ቶም ካልኦት ህዝብታት ኣብ መሬቱ ብናጽነትን ሰላምን ክነብር ማሰሉ'ኳ እንተነበረ፡ ንረብሓታት ሓያላን ሃገራትን መሻርኽቶምን ተባሂሉ፡ ኣንጻር ድሌቱ ንዓማጺ መግዛእቲ ከምእተፈርደ፣ ከምኡ'ውን ኣደዳ ሞት፡ ስደትን ምብትታንን ከምዝገበሩ ብምብራህ፡ ካብ'ዚ ሕሰም'ዚ ንምግልጋልን ናጽነቱ ንምርግጋጽን ድማ፡ ብ1 መስከረም 1961 ብረት ኣልዒሉ ክቃለሶም ከምዝወሰነ፣ ድሕሪ ናይ 30 ዓመታት መሪርን ነዊሕን ቃልሲ ከኣ ብግዝኡ ቅልጽሙ ዘውዲ ናጽነት ክደፍእ ከምዝበቕዐ ኣብሪሁ።

ዓለም ዘይፍትሓዊት ብምዃና፡ ንሕጋዊ መሰል ዜጋታትና ጎሲያ፡ ኣብ 1952 ብውሳኔ ሕቡራት ሃገራት ቀጽሪ 390A/5 ምስ'ታ ብኸሉ'ንትናኣ ካብ ኤርትራ ዝደሓረት መስፍናዊት ሃገር ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ክትቁረን ከምዝፈረደት ዝጠቐሰ ሜጀር ጀነራል ኣውልያይ፡ ንሓያል ድሌት ኤርትራውያን ንናጽነትን ፍትሓዊ መሰሎምን ንምግዕጻጽ እዚ ዘይበሃል ውዲታት ከምእተኻየደ፡ እንተኾነ ተተኻኺእቲ ወለዶታት ኤርትራ ንኹሉ በብመድረኹ ብልዑል ንቕሓት ከምዝመከትዎን ኣብ መወዳእታ ናጽነቶም ብምርግጋጽ፡ ጥንዔራ ኤርትራ ኣብ'ታ ዘይትሰበር ዘንጊ ሓቂ ከምእተሰቕለት ብዝርዝር ኣረዲኡ።

"ቃልሲ ብበረት ጥራይ ኣይተዛነ ዝቕጸ" ዝበለ ሜጀር ጀነራል ኣውልያይ፡ እዚ ናይ ሕጂ ወለዶ ዝተሓልፈ ሕሰም ህዝቡ፣ ናጽነት ንምምጻእን ንምዕቃብን ዝተኸፍለ ክቡር ዋጋ፣ ከምኡ'ውን ዝተሰምረ ክቡድ መድረኻት ብዝግባእ ፈሊጡ፡ ረኺብዎ ብዘሎ ናይ ትምህርትን ሞያን ዕድል - ፍልጠቱን ሞያኡን ብምብራኽ ሃገር ንምልማዕን መሰረት ህዝቡ ንምምሕያሽን ክይተሓለለ ክሰርሕ ዜግነታዊ ሓላፍነቱ ከምዝለዎ ኣገንዚቡ።

ብኻልእ ወገኑ ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም - መበል 64 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልስና፡ ብደረጃ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ከተማ ዓሰብ ብዓቢ ክብሪ ተዘኪሩ።

እቲ ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንዶም፡ ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ረዘነ ሚካኤልን ካልኦት ሓለፍትን ዝተረኽብሉ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ነታ ታሪኻዊት ዕለት ብዘንጸባርቕ ስነጥበባዊ መሰናድኣታት ደሚቑ ምንባሩ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝጸሓፍና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

## ኤርትራውያን ነበርቲ ዓባይ-ብሪጣንያ፡ ዝኽሪ ሓደ መስከረም ጸንቢሎም

ኤርትራውያን ነበርቲ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ባሕቲ መስከረም - ዝኽሪ መበል 64 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ "ማስመርና ድርዕና" ብዝብል ቴማ ጸንቢሎሞ።

ኣብ ከተማ ለንደን ኣብ ዝተኻየደን መንእሰያት ብብዝሒ ዝተሳተፍዎን ጽንብል ተረኺቡ ቃል ዘሰመዐ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያን ኣየርላንድን ኣቶ ሳልሕ ዓብደላ፡ ባሕቲ-መስከረም - ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ ናጽነቱን ክብረቱን ተባዕ ምርጫ ዝወሰደላ ታሪኻዊት ዕለት ምዃና ብምጥቃስ፡ ዓመት መጸ ብድሙቕ ኣገባብ ምጽንባላ ናይ'ዚ መርኣያ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ኣብቲ ንሃገራዊ ቃልስናን ሓያል መኸተናን ብዘንጸባርቕ ዝተፈላለየ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኣታት ዝማዕረገ ጽንብል፡ ሓጺር ታሪኽ ፈላሚ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ጅግና ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ከምዝቐረበ፡ እቲ ዝጸሓፍና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ባሕቲ መስከረም - መበል 64 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብደረጃ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣብ ሃይኮታ ብድምቀት ተዘኪሩ።

ኣብቲ ብሰልፊ ህዝብን ሰራዊትን ዝተሰናዶ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ዝርከብዎም ሓለፍትን ኣዘዝቲ ሰራዊትን፡ ኣብ ቀጽሪ መቓብር ሓርበኛታት ፈልሰታት ተኸሊሎም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ እድሪስ ሳልሕ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ እቲ ናይ ዝኽሪ መደብ - ኣብ'ቲ ኣስካሪን ፈላሚ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ሓርበኛ ስውእ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብኽብሪ ዝዓረፈሉ ቦታ ምክያዱ ሪዚን ትርጉም ከምዝለዎ ብምጥቃስ፡ መንእሰያት - ጉዕዞ ናጽነት ዝሓተቶ ዋጋ ተገንዚቦም፡ መድረኽ ዝጠልቦ ኣበርክቶን ሱታፌን ክገብሩ ከምዝኾኖም ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ኣቶ ሽኩሪን ሳልሕ ብወገኑ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ዝኽሪ፡ ምእንቲ ናጽነት ንዝተወሰደ ሕርያን ዝተሰገረ መስገደልን ናብ መንእሰያት ወለዶታት ንምትሕልላፍ ስለዝኾነ፡ ዓመት-መጸ ብዝተፈላለየ መሰናድኣታት ከምዝቕጽል ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ነቲ ዕለት ዘንጸባርቕ ባህላውን ስነጥበባውን መደባት ቀሪቡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ መበል 64 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ጁባ - ደቡብ ሱዳን፡ ከምኡ'ውን ስቶክሆልም - ሽወደን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ከምእተጸንበለ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።



ዜና

# ኣብ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ዘወሃብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ብጽቡቕ ይቕጽል

ኣብ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን፡ ናይ ሕጊ ተኣረምቲ ኣካዳምያዊ ዓቕሞም ክብ ንምባል ዝወሃብ ስሩዕ መደባት ትምህርቲ ጸብቒ ወጽኢት ደርኒቦ ከምዘሎ፡ ብ29 ነሓሰ ኣብ ባረንቱ ኣብ ዝተቓነየ ስነስርዓት ምዝዛም ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ተገሊጹ።

ኣዚ. ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ባረንቱ ሌተናል ኮሎኔል እድሪስ ዓምር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻምናይ ክፍሊ ተራሒዩ ብዘሎ ዕድላት ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ብዙሓት ተኣረምቲ ደረጃኦም ክብ ክብሉ በቒዖም ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ተኣረምቲ ናብ ሕብረተሰቦም ኣብ ዝምለሱሉ ደገፍ ይኾኖም ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ርእሰ-መምህር ቤት-ትምህርቲ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ባረንቱ፡ መምህር ሃብተስላሴ ገብረማርያም ብወገኑ፡ ሳላ'ቲ ዝተኸፍተ ዕድል፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻምናይ ክፍሊ ትምህርቶም ብበቓዓት ዝዛዘሙ ተኣረምቲ 356 ምዃኖም ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ብተኣረምቲ ዝተዳለወ ንረብሓ ትምህርትን ኣበርክቶ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ዘንጸባርቕ መሰናድኢታት ክቐርብ ከሎ፡ ኣብ ትምህርቶም ጽቡቕ ዝረኣዩ ሽልማት ተዓዲሉ።



# ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ምጽዳቕ ንድፊ ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታት እንስሳ ዘተኩረ ዓውደ-ዘተ ወዲቡ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብ29 ነሓሰ - ኣብ ምህብታም ንድፊ ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታትን ክታብትን እንስሳ ዘተኩረ ዓውደዘተ፡ ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ወዲቡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቶ ተኸለኣብ ምስግና ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ዝቐደ ዘሎ ክለሳ ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታትን ክታብትን እንስሳ ኤርትራ፡ ነቲ ኣብ 2007 ዝተዘርግሐ ዝርዝር ዝመሓይሽ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣቶ ተኸለኣብ ወሲኹ፡ እቲ ዝጸንሐ ዝርዝር ብብዙሕ ምኽንያታት ክለሳ የድልዮ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ካብ 2024 ኣትሒዙ - ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ሚኒስትሪ ጥዕናን ሃገራዊ ትካል ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን ብምዃኑ፡ ሸማግለ ኣቕሙ ክሰርሕ ከምዝጸንሐ፣ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ



ግብራዊ፣ ምስ ኩነታት ሃገርና ዝሰማማዕ ከምኡ'ውን ንጻለምለኻዊ ምዕባለ ኣብ ግምት ዘእተወ ዝተመሓየሸ ንድፊ ከም እተዳለወ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ናይ ሓደ መዓልቲ ዓውደ-ዘተ፡ ኣምር፡ መትከላትን ኣገዳስነትን ዝርዝር መድሃኒት እንስሳ፡ ከምኡ'ውን ኣገባብ ኣቀራርባ ክለሳ ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታትን ክታባታትን እንስሳ ዝብሉ ወረቓቕቲ ክቐርቡ ከለዉ፡ ብዕምቈት ተዘቲዩሎም።

ተሳተፍቲ፡ ክኸስቱ ኣብ ዝኽእሉ ሕማማት እንስሳን ኣገባብ ኣፈዋውሳኦምን ደቂቕ መጽናዕቲ ክግበር፣ ዝወሰዱ መድሃኒታትን ክታባታትን ድማ ብስሩዕ ብኡ ንብኡ ሓበሬታ እተደገፉ ክኾኑ ዝብሉ ካልኦት ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

# ማእከል - ኣብ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ቀሓውታ ተወሰኽቲ ክፍልታት ተሰሪሑ

ኣብ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ቀሓውታ፡ ልዕሊ 2 ሚልዮን ናቕፋ ወጻኢ ዝተገብረሉ 4 ሓደስቲ መማሃሪ ክፍልታት፡ ብ31 ነሓሰ ተመሪቑ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንዝበረ ጸበባ ብምፍታሕ ነቲ ተበግሶ ንዘወሰዱ ወገናት ብምምስጋን፡ እታ ቤት-ትምህርቲ ካብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ጀሚራ ደረጃኣ ክብ ብምባል፡ ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ኣገልግሎት ክትጅምር ምዃና ኣብሪሁ።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተኪኤ ቀለታ ብወገኑ፡ እቲ ዝተወሰደ ተበግሶ ኣብ'ቲ ከባቢ ንዝምጽኡ ለውጢ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ንዝሕንጸጹ መደባት፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዓቕሙ ዘፍቅዶ ምትሕግጋዝ ከምዝገብር ኣረጋጊጹ።

ርእሰ-መምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ሙሉጌታ በይን ብወገኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ጸበባ መማሃሪ ክፍልታት ንዝፈጥሮ ዝበረ ጸገማት ድሕሪ ምዝርዛር፡ እቲ ህንጻ ምዝዛሙ ዓቢ መስተርሆ ከምዝፈጥር ገሊጹ።

እቲ ፕሮጀክት፡ ብምውህሃድ ቤት-ጽሕፈት ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ነበርቲ ምምሕዳራት ቀሓወታን ጸሎትን ከምእተተግበረ፡ ኣቦ-መንበር ኮሚቴ ህንጻ ቤት-ትምህርቲ ኣቶ ገብረእግዚኣብሄር ሽኸ. ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣበርክቶ ንዘበሩ ናይ ምስጋና ወረቓቕቲ፣ ንቤት-ጽሕፈት ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ድማ ብእምነበረድ ዝተሰርሓት ኣርማ ኤርትራ ተዓዲሉ።



ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284

# ሓጺር ዝኽሪ ህይወት

## ገዲም ተጋዳላይ ደራሲን ጋዜጠኛን ሚኪኤል በርሀ

### (ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሩ እተነበበ)

ሎሚ 1 መስከረም 2025 መበል 64 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሶና ብኽብሪ ኣብ እንዝክረሉ ዘሎና መዓልቲን ዕለትን፡ ኣባል ኮምሽን ባህልን ስፖርትን፡ ስዉጥበበኛን ጋዜጠኛን፡ ገዲም ተጋዳላይ፡ ብጻይና ሚከኤል በርሀ መብራህቱ፡ ልክዕ ከም ባዕቲ፡ መስከረም ኣብ መበል 64 ዕድመኡ ብምስዋእቲ ተፈልዩናስ ብኽብሪ ንሰናብቶ ኣለና።

ስወእ ብጻይ ሚከኤል በርሀ፡ ኣብ መዘኑብ ሰዓቱ (1 ጥቅምቲ 2004) ኣብ ዘሰፈሮ ጽሑፍ፡ ልዕሊ 15 ዓመት ብሕማም ልቢ ይሳቐ ምንባሩን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሕማሙ እናበርትዐ ይኸይድ ከም ዝነበረን ጠቒሱ ኣሎ። ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ-ሰለስተ ዓመታት ግን፡ ብጻይ ሚከኤል በርሀ፡ ኣዒንቱ ካብ ብርሃን ተደፊነን ዓደ-ወዓል ምስ ኮነ፡ ዕውት መጥባሕቲን ክንክንን ብምግባሩ፡ ሓወዩ፡ ንብር ህይወት ክጅምር እናበልናዮ ቡታ ሕድርቲ ሕማሙ ሃንደበት ተፈልዩና።

ብጻይ ሚከኤል፡ ኣብ ኣስመራ፡ ኣኽርያ፡ እግሪ እንዳ ደናግል፡ ኣብ ታሕሳስ 1961



ካብ ኣቦኡ ኣቶ በርሀ መብራህቱን ኣደኡ ወይዘሮ መብራት ሚከኤልን ተወሊዱ። ብጻይ ሚከኤል፡ ሸዱሸተ ዓመቱ ምስ ረገጸ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ጣልያን ትምህርቲ ጀሚሩ፡ ብቛንቋታት ትግርኛን ጣልያንን ክሳዕ 8ይ ክፍሊ ተማሂሩ። ኣብ ዓመተ 1975 ግን፡ ብምኽንያት ዕግርግር ህልቂትን ኣስመራ ትምህርቱ ኣይቀጸለን። ካብቲ እዋንቲ ኣትሒዙ፡ ብጻይ ሚከኤል፡ ከም ኩሎም ናይቲ እዋንቲ መዘናኡ፡ ሃሙን ቀልቡን ናብ ቃልሲ ንናጽነት ኮነ። ምስኡ'ውን ካብ ከባቢ ዓዲ ንፋስ ክሳብ ምቕልቃል ኀቦታት ኣኽርያ ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ ኣባላት ክፍሊ ህዝቢን ናይ ከተማ ወፋያት ተጋደልትን ድማ ምስ ደቂ ገዛውቱ ጥቡቕ ርክብ መስሪዮም፡ ንሶቶም ዝሃብዎም ተልእኾታት ኣብ ምፍጻም ክዋጥኡ ጀመሩ።

ኣብ መወዳእታ 1975፡ ብጻይ ሚከኤል፡ ምስ መዘናኡ ግርማይ የማነ ካብ ወሸጢ ከተማ ኣስመራ ኣቐኒሖ ተሰኪሞም ናብ ዓዲ ንፋስ እናምርሑ፡ ወተሃደራት ጸላኢ ኣድኒቦዮም ጸኒሖም ተኹሲ ከፊቶሎም። ብጻይ ግርማይ የማነ ተታሒዙ ኣብ ኢድ ጸላኢ ክወድቕ እንከሎ፡ ሚከኤል ግን ንዋራ ኣምሊጡ፡ ናብ ገዝኡ ተመሊሱ። ኣብ ቤቱ ተሓቢኡ ድሕሪ ምቕናይ ድማ፡ ናብ ሜዳ ቃልሲ ተበጊሱ።

ብጻይ ሚከኤል በርሀ፡ ናይ ቃልሲ ህይወቱ ኣብ 1975 ብዚ. ናይ ከተማ ተልእኾታት ዝፈለመ ኮይኑ፡ ብወግዒ ኣብ መሰርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረሉ፡ ኣብ መጀመርያ 1976 እዩ። ግቡእ ወተሃደራዊ ታዕሊምን ፖለቲካዊ ትምህርቲን ድሕሪ ምቕሳሙ፡ ብብዝሒኡ ዝተመደቦ ኣሃዱታትን ዕማማትን ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፥

- ካብ 1976-1977 ኣብ ክፍሊ ባህሊ ህዝባዊ ሓይልታት ድሓር ህዝባዊ ግንባር፣
- ካብ 1977- 1978 ኣብ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር፣
- ኣብ ዓመተ 1979 ኢጋር ሓኪም ኣብ ሓይሊ ሰሜር፣
- ካብ 1979 - 1981 ኢጋር ሓኪም ኣብ ሓለዋ ሰውራ፣
- ካብ 1981 - 1984 ኢጋር ሓኪም ኣብ ሕክምና ብርጌድ 44
- ካብ 1984 - 1985 ኦፐረይተር ክፍለ ሰራዊት 70
- ካብ 1986 - 1989 ሰታፍ ቁጠባን ፐርሶኔልን ኣብ ክፍለ ሰራዊት 16
- ካብ 1990 - 1991 ድማ መራሒ መስርዕ ኣብ ክፍሊ ባህሊ.

ብጻይ ሚከኤል በርሀ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን፡ ኣብ ሰራዊት ኢጋር ሓኪም ኮይኑ ይሳተፍ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ቀሊልን ከበድን መውጋእቲ ኣጋጢምዎ እዩ።

ሓርበኛ ተቓላሳይ ብጻይ ሚከኤል በርሀ፡ ኣብ ዕድመ ተጋድሎኡ፡ ምስቲ ከበድ ጻዕሪ ዝሓትት ገድላዊ ዕማማቱ፡ ኣብታ ትንፋስ ዝረኸቦ ግዜ፡ መጽሓፍቲ ብምንባብ ኑብሱ ዞማዕበሉ፡ ድርሰታት ናይ ምጽሓፍ ልዑል ፍቕርን ተውህቦን ዝነበሮ እዩ። ብውልቃዊ ጻዕሩ ድማ ቋንቋታት ትግረ፡ ኣምሓርኛ፡ ጣልያንን እንግሊዝን ክመልኽ ክኢሉ።

ድሕሪ ናጽነት፡ ብጻይ ሚከኤል ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታትን ቦታታትን ኣብ ዕማማት ዜናን ባህልን እዩ ዝሰርሐ ነይሩ። ፈለማ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ጋዜጠኛ ሓዳስ ኤርትራ፡ ጸኒሑ ሓላፊ ኣገልግሎት ዜና ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኮይኑ ንዋሕ ዓመታት ኣገልጊሉ። ኣብ 2004 ድማ፡ ናብ ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ ተቐይሩ። ብጻይ ሚከኤል ኣብ ባህላዊ ጉዳያት፡ ሓላፊ ቦርድ ደረስቲን ዳይረክተራትን ኮይኑ ብምስራሕ ዝኣድ ስዉጥበባዊን ስነ-ጽሑፋዊን ኣበርክቶ ዝገበረ ሓርበኛ እዩ።

ብጻይ ሚከኤል በርሀ፡ ነቲ ኣብ ሜዳ ዝፈለሞ ዕዮ ስነጥበቡ፡ ኣብ ግዜ ናጽነት ብዝለዓለ ደረጃ ኣሰጉምዎ እዩ። ብፍላይ ድርሰት ሓጺር ዛንታ ልዑል ክእለቱ ዘርኣየሉ ዓውዲ ስነጽሑፍ እዩ። ፈታው ሰዓት፣ ምዕልባጥ፣ ምርእኣይ፣ ሓለው መቓብር፣ ጥንሲ፣ ሸረኽ፣ ስረ ሓራጅ፣ ውዳቕ ታሪኽ፣ ሓጻቢት ክዳን፣ ዕረፍቲ ወዘተ. ውኑሉዓት ካብቲን ኣፍቀርቲ ስነ-ጽሑፍ ዘደነቐወን ድርሰታቱ እየን። ከም ህያብ ልደት፣ እቲ ቀምቃማይ፣ ዓቃቢ ንብረት፣ እታ ካቦት ወዘተ. ዝኣመሰላ ናይ ወጻኢ ሃገር ድርሰታት እውን ካብ እንግሊዝኛ ናብ ትግርኛ ተርጒሙ ኣቕሪቡልና።

ብጻይ ሚከኤል ኣበርኪቶኡ ኣብ ሓጺር ዛንታ ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይነበረን። እንተላይ ሓያሎ ድርሰታት ድራማን ፊልምታትን ንመድረኽ ኣብቂዑ እዩ። ዝያዳ ኩሉ ግን ንዋሕ ዓመታት ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ ዝሰርሓሉ፡ ኣብ ዓምዲ 'ኢጋር ጋዜጠኛ' ኩርዓሪ ጽሑፋት (ኢንቨስቲጌቲቭ ሪፖርት) ብምጽሓፍ ዝተፈልጠ፡ ጌጋታትን ናይ ኣሰራርሓ ጸገማትን ኣብ ምእራም ዓቢ ድርኺት ዝነበሮ ዝነበረ ሓያልን ክኢላን ጋዜጠኛ እዩ ነይሩ። ብጻይ ሚከኤል ኣብ ዝተፈላለያ መጽሔታት ብዙሕ ዓንቀጻት ኣብ ርእሲ ምብርካቱ፡ ኣብታ ናይ ድሕሪ ናጽነት ፈላሚት "መጽሔት ሕወየት" ዋና ኣሰናዳኢን ጹሓፊ ዓንቀጻትን ኮይኑ መሪሕ ግደ ተጻዊቱ።

ሓርበኛ ተጋዳላይ ሚከኤል በርሀ መብራህቱ፡ ብሃገራውነቱ፡ ጅግንነቱ፡ ገድላውን ሞያውን ኣበርክቶኡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም ውልቀሰብ፡ ሰብኣዊ ባህርያቱ እውን ኣዝዩ ተፈታዊ እዩ። መፍቀር ሰብ፣ ትሕትትና ዘለዎ፣ ርእዩኢ ዘይፈቱ፣ ምቕሉል፣ ዓቃል፣ ሊጋስ ዝያዳ ኩሉ ድማ ኣብ ስርሑ ክኢላ ብምንባሩ፡ ብመቓልስቱን መሳርሕቱን ቅቡልን ምስጉንን ብጻይ እዩ ነይሩ። ስወእ ብጻይ ሚከኤል፡ ኣቦ ሓንቲ



ወላድ ኮይኑ፡ ከም ወላዲ ዘዕበዮ ብስሙ ዝጸዋዕ ካልኣይ ቆልዓ እውን ሓድጊ ገዲፉ እዩ።

ምስናይ ከበድ ጥዕናዊ ጸገማቱ፡ ብልዑል ሓቦን ኒሕን ስለ ሃገርን ህዝብን ተወፍዩ ዝተቓለሰ ብጻይ ሚከኤል በርሀ፡ ብ30 ንሓሰ 2025 እዩ ሃንደበት ኣብ ቤቱ ዓሪፉ። ሎሚ 1 መስከረም 2025 ድማ፡ ሰበስልጣን መንግስቲን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ቤተሰቡን ፈተውቱን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ፡ ብኽብሪ ዝበለ ስነስርዓት ሓመድ ኣዳም ለቢሱ።

ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ብምስዋእቲ ገዲም ኣባሉ ሚከኤል በርሀ መብራህቱ ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ ንቤተሰቡን ፈተውቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

**ዓወት ንሓፋሽ!**
**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!**

***ጸሓፊ፡ ኣስማርም ሃብተማርያም***

---

ዜና

## ኣቑርደት - ውሕስነት ቀረብ ዝስተ ማይ ንምርግጋጽ ይስራሕ ኣሎ

ኣገልግሎት ምዕዳል ማይ ከተማ ኣቑርደት፡ ውሕስነት ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ንምርግጋጽ ይሰርሕ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ብርሃ መሓሪ ሓቢሩ።

ንሱ፡ ንዝቐየድ ዘሎ ስራሕ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ናብ ኩሎም ነበርትን ትካላትን ንምብጻሕ፡ ኣብ ጉምጉም ሩባ ባርካ ካብ ዝርከባ ዒላታት ዝቕሉብ ሓሙሽተ መዐደሊ ንቑጣታት ብምውዳድ፡ ከምኡ'ውን መስመር ማይ ብምዝርጋሕን ብጦጣትን ኣገልግሎት ከምዝወሃብ ብምጥቃስ፡ 95 ሚእታዊት ካብ ነበርቲ ጽሩይ ዝስተ ማይ ከምዝረኽቡ ኣረጋጊጹ።



መስመራት ማይ ብሰንኪ እርጋን ሻምብቆታት ተደጋጋሚ ምብልሻው የጋጥም ብምህላዉ፡ ብሓደሽ ናይ ምትክኡ መደብ ክሕሰበሉ ዘዘኻኸረ ኣቶ ብርሃ፡ ንክፍሊት ማይ ብዝምልከት፡ ብመስመር ዝግልገሉ ዓማዊል ንሓሙሽተ ፈስቶ ብ13 ናቕፋ፣ ብጦጣት ዝዕደሎም ድማ ንሓደ ፈስቶ ብ15 ናቕፋ ከምዝጥቀሙ ሓቢሩ።

ኣቶ ብርሃ ኣብ መወዳእታ፡ ኣገልግሎት ምዕዳል ማይ ከተማ ኣቑርደት ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ ምሉእነት ንኽህልዎ፡ ብመስመር ዝግልገሉ ዓማዊል ወርሓዊ ክፍሊት ብስሩዕ ክኸፍሉ፣ ኩሎም ነበርቲ ድማ ንዝረኽብዎ ማይ ብውሕሉል ኣገባብ ክጥቀሙሉን ብኽኑት ከወግዱን ኣዘኻኺሩ።

---

## ዓንሰባ - ተሳተፍቲ ቅነ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕንባባ፡ ናብ ታሪኻዊ ቦታታት ዑደት ኣካይዶም

ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ኣብ ከተማ ከረን ዝቐየድ ዘሎ ናይ ፈለማ ቅነ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕንባብ ኤርትራ፡ ዑደት ናብ ታሪኻዊ ቦታታት ኣካዪዶም።

ዑደተኛታት፡ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝተዛዘመሉ ታሪኻዊ ቦታ ጥንቁልሓስ፣ መቓብር እንግሊዝን ጥልያንን፣ መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ዜጋታት ግፍዒ ዝፈጸመሉ ዖና፣ ከምኡ'ውን ፎርቶ ኣብ ዝበጽሑሉ፡ ብተመራማሪ ታሪኽን ደራሲን ኣቶ ነጸርኣብ ኣዛዘን ሓላፊ ጨንፈር ጸጋታት ቱሪዝምን መጸናዕትን ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ፍስሃ ሃብተን መብርሂ ተዋሂብዎም።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ነቲ ኣቐዲሞም ብዝነታ ዝፈልጥዎ ዝነበሩ ታሪኽ ብኣካል ክርእይዎን ክድህስስዎን ምብቕዖም ዝተሰመዖም ሓጎስ ብምግላጽ፡ ካብ ዝተዋህቦም መብርሂ ኣጉዳሲ ፍልጠት ከምዝቐሰሙ ሓቢሮም።

"ንሕና ወሃብቲ ናይ ጽባሕ ታሪኽና ኢና" ዝበሉ'ቶም ዑደተኛታት፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ታሪኽን ክብርታትን ሃገሮም ዝፈልጡሉ ዑደት ኣጉዳሲ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ማሕበር ምስ ካልኦት ኣካላት ብምውህሃድ ክደፍኣሉ ተማሕጺኖም።

ኣብ'ዚ ብ26 ንሓሰ ዝተኸፍተ ቀዳማይ ቅነ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕንባብ ኤርትራ ክሳተፉ ዝቐጸሉ መንእሰያት፡ ብ31 ንሓሰ - ብምኽንያት ሓደ መስከረም ኣብ ቀንዲ ጎደና ከተማ ከረን ንህዝቢ ባህላዊ ምርኢት ከምዘቕረቡ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።



# ቁጠባን ዋኒንን

ተሰፊት ሓጎስ

## ድኻታት ሃገራት ብኸመይ ንሃብታማት የሀብትማአን፧

ብዙሓት የዋሃት፡ ንምዕራባውያን ሃገራት ከምኡ'ውን ነተን ብዘተፈላለየ ኣሰማት ዝተጠመቓ ናይ ሓገዝ ይኹና ናይ ልቓሕ ትካላተን ከም ገበርቲ ሰናይን ሓገዝቲን እዮም ዝሓስቡወን። እቲ ሓቂ ግን ብኣንጻሩ'ዩ። ነዚ ዓሎቕ ንምቅላዕ ድማ ገለ ምሁራት ብዝተፈላለየ መንገዲ ጽሒፎም እዮም። እቲ ዘገርም፡ ሃብታማት ሃገራት ልዕሊ እቲ ብሓገዝ ይኹን ብመልክዕ ልቓሕ ድኻታት ንዝተባህላ ሃገራት ዝህብኦ መጠን ገንዘብ ዝተዓጸፈ መንገዲ ይረብሓሉ ምዃነን እዩ። ኣተኩሮ ናይዛ ጽሑፍ ድማ "ድኻታት ብኸመይ ንሃብታማት የሀብትመአን" ብዝብል ኣርእስቲ ሱዛን ጆርጅ ኣብ ዝጸሓፈታ ዓንቀጽ'ዩ። እዛ ዓንቀጽ፡ "ኣንባቢ ድሕረ-ምዕባለ" (ዘ ፖስት ደቨሎፕምንት ሪደር) ኣብ ዘርእስታ ብማጅድ ራሃማን ቪክቶርያ ባውትሪን ዝተዳለወት መጽሓፍ እኩብ ዓንቀጻት ሰፊራ ዘላ'ያ። እዛ ዓንቀጽ ንሕተመት ካብ ትብቅዕ 33 ዓመት ኣቑጺራትሉ ኣብ ዘላ እዋን'ውን እንተኾነ እቲ ግናይ ምዝማዛ ይቕጽል ምህላዉ ድማ እቲ ዘሕዝን'ዩ። ጽማቖ ትሕዝቶኣ ይስዕብ።

ዕላማ ልቓሕ ናይ ዝመሓደሩ ሰባት፡ ዘይተኣደነ ጸጋታት ናይ ተለቃሕቲ ሃገራት ጓሕጒሕካ ካብ ደቡብ ናብ ሰሜን ምምፃዙ ተለቃሕቲ ሃገራት ብሕጽረት ገንዘብ ከምዝጽገማ ምግባርን ኣብ ልዕሊ ድኻታት ሃገራት ሰላሕታዊ ኲናት ምእዋጅን እንተኾይኑ ብዝዩፒርፒር ተዓዊቱ'ዩ። ስትራተጂ ናይዚም ኣመሓደርቲ ልቓሕ፡ ልክዕ እተን ትካላት ከምዝብልኦ ማለት ንኹሉ ክፋል ሕብረተሰብ ዝጠቅም ልምዓት ምትብባዕ ዘይ ድንቂ ዝኾነ ኣከባቢ ናይ ምድሪ ምዕቃብ ከምኡ'ውን ኑቲ ብሰንኪ ልቓሕ ዝስዕብ ጸቕጢ ቀስ ብቐስ ምንካይን እንተኾይኑ ግና ውድቀቶም ብቐሊሉ ክምልከት ዝኽእል'ዩ። ሓደ መመልከቲ ናይዚ ዓወት ወይ'ውን ውድቀት ድማ ብመንጽር ፋይናንስ ዝርአ'ዩ።

ኣብ ደቡባዊ ክፋል ዓለም ዝርከባ ሃገራት፡ ነተን ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ዝርከባ ኣለቃሕተን ሃገራትን ትካላተን ብጠቕላላ 6.5 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ከም ወለድ ናይቲ ካብ ጥሪ 1982 ክሳብ ታሕሳስ 1990 ዝተለቅሕኦ ገንዘብ ከፊለን። ተመሳሲ ወይ መደቓቕሲ ናይቲ ዝተለቅሕኦ ገንዘብ ተባሂሉ ዝተኸፍለ ምስ ዝድመር ድማ መጠን



ናይቲ ገንዘብ 12.45 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ይበጽሕ።

እዚ፡ ብደመ-ረሃጽን ንብረትን ናይ ኣማኢት ሚልዮናት ዝቑጸር ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ዝርከቡ ህዝቢ ዝተረኽበ ግዙፍ መጠን ገንዘብ ግና ናበይ ከይዱ ወይ ኣበይ ኣትዩ? መልሱ፡ እዚ ግዙፍ ገንዘብ ናብ ዓለምለኻውያን ባንክታት፡ ኣለቃሕቲ ሃገራትን ህዝበውያን ትካላተንን ዝተሰጋገረ'ዩ። እቲ ዝተኸፍለ ገንዘብ ድማ ኣብቲ እዋን ኣብ ኤውሮጳ ንዝቐመጥ ዝበረ ህዝቢ እንተዝምቀል ነፍሲ ወከፍ ሓደ ሰብ ን108 ኣዋርሕ ሓደ ሽሕ ዶላር ኣመሪካ ምተኸፍለ ነይሩ። ብዮዞብሪ ግና እቲ ገንዘብ ናብቶም ዜጋታት ምዕራብ'ውን ኣይበጽሐን። ናበይ ደኣ ኣበለ? ኣብ ማሕፉዳ ናይተን ኣቑዲመን ዝተጠቕሳ ትካላት፡ ባንክታትን መንግስታትን እዩ ኣትዩ።

ካልኣይ መዓቀኒ ናይቲ ዓወት/ውድቀት ከኣ ብመገዲ ልቓሕ ኣብ ቁጠባዊ ምሕደራ ናይ ተለቃሕቲ ሃገራት ዝተገብረ ምትእትታው ብኣለቃሕቲ ኣካላት'ዩ። ኣለቃሕቲ ሃገራትን ትካላትን ንተለቃሕቲ ሃገራት ገንዘብ ኣለቂሐን ሰቕ ዝበላ ኣይኮናን። እንታይ ደኣ? ኣብ ቁጠባዊ ምምሕዳር ናይተን ተለቃሕቲ ሃገራት ምትእትታዋት ብምግባር ከምዚ ግበራ፡ ከምዚ ኣይትግበራ እናበላ ብኣደ-ዘር የመሓድረአን እየን። ኣብ ክንዲ እተን ኣለቃሕቲ ሃገራት ኮይነን ነዚ ዕማም ዝተግበራ ድማ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብን ዓለማዊ ባንክን እየን፣ ኣብዘን ትካላት ዝበዝሐ ብርኪ ዘለወን እተን ኣለቃሕቲ ሃገራት እየን። ስለዚ፡ እዘን ትካላት መምርሒታት ናይ ኣለቃሕቲ ሃገራት ከተግብራ ዝተማህዛ እየን። ሰርሐን ድማ ንጽርቲ'ያ - ዕዳን ወለድን ምእካብ። ብመንጽር ቁጠባዊ ምሕደራ ድማ ቀንዲ ሸቶኣን ተለቃሕቲ ሃገራት ኑቲ ግዙፍ መጠን ክፍሊት (ኣቑዲሙ ንኣብኡ ዝተጠቕሰ) ንምፍጻም ዘኽእለን ሸርፊ ወጻኢ ከምዝዋህልላ ምርግጋጽ'ዩ። እዚ ድማ ሃብቲ ናይ ኣለቃሕቲ ሃገራትን ትካላትን ዘኽልብት'ዩ። ብመንጽር ደረጃ መነባብሮ ዜጋታት እንተርኢናዮ፡ ሓደ ኣብ ተለቃሒት ሃገር ዝነብር ማእከላይ ደረጃ መነባብሮ ዘለዎ ዜጋ ካብ ሓደ ኣብ ኣለቃሒት ሃገር ዝነብር ማእከላይ ደረጃ መነባብሮ ዘለዎ ዜጋ ብ55 ዕጽፊ ይደኪ። እዚ ዕዳን ወለድን ናይ ምኽፋል ዘዋናሕሲ መስርሕ ድማ ብዝምሳሌት 'ምምጻይ ደም ካብ እምኒ' እዩ ዝገለጽ።

እዘን ትካላት፡ ከም ደለይቲ ጸቡቕ ዕዳ ናይ ዘለወን ሃገራት ዝምጥውኦ ምኽሪ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ንምኽዕባት ሰደድ ምዕባይን ወጻኢታት መንግስቲ ምንካይን ኣድላዪ ምዃኑ'ዩ። እቲ ቀንዲ ብደሆ ግና ዝተዓደየት ሃገር ኣብ ዝኾነ ካልእ ጉዳያ ናጻ ኮይና ክትዋሳእ እንተኾይና ቅድም ንኹሉ ወይ ንዝበዝሐ መጠን ናይቲ ዕዳን ወለድን ክትከፍል ትግደድ ምዃና'ዩ። መበዝሕትኦን ዝተዓደያ ሃገራት ድማ ኑቲ ምሕረት ዘይብሉ ፖሊሲታት ዓለምለኻዊ ማዕከን ገንዘብን ዓለማዊ ባንክን ከተግብራ ክግደዱ ንህዝበን ድማ ኣብ ትግባረ ናይቲ ፖሊሲታት ክምእዘዝ ከገድዳን ዕቑዳት ዘቑጸረ ኮይኑ ኣሎ። ተለቃሕቲ ሃገራት፡ ኑቲ ካብ ቁጠባዊ ቅልውላው የናግፍ'ዩ ተባሂሉ በዘን ትካላት ዝተዋህበን ስገምታት ብእምነት ተቐቢለን እንተኣተግበራ'ኳ እቲ ቅልውላው ግና ኣይተኣልየን።

ብትእዛዝ ዓለምለኻዊ ማዕከን ገንዘብን ዓለማዊ ባንክ፡ ተዓደይቲ ሃገራት ንዜጋታተን - ምናዳኳ ኑቲ ዝደኸየ ክፋሉ - መሰረታዊ ናብራ ከምዝሕረም ብምግባር ንዝለቀሓአን ሃገራትን ትካላተንን ዝኸፈልኦ ገንዘብ ክንዲ ሽዱሽተ ዕጽፊ ናይ 'ማርሻል ፕላን' ዝበጽሕ'ዩ። እዚ ተሪእዩ ወይ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ፋይናንሳዊ ደገፍ ካብ ድኻታት ናብ ሃብታማት ዘስተንክርኳ እንተኾነ እቲ ቅማረታት ግና ትኽክል'ዩ።

ጸብጻብ ውድብ ቁጠባዊ ምትሕግጋዝን ልምዓትን (ኦኢሲዲ) ከምዘመልክቶ፡ ካብ 1982 ክሳዕ 1990 ኣብ ምምዕባል ናብ ዝርከባ ሃገራት ናይ ዝውሓዘ ጸጋታት ድምር፡ 927 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ይበጽሕ። እዚ ድምር ብሓገዝ (መንግስታውን ግብረሰናያውን)፡ ብልቓሕ፡ ብንግዳዊ መኽሰብ፡ ብሕታዊ ወፍርን ካልእ መልክዖትን ዝውሓዘ ኮይኑ ዝበዝሐ ክፋሉ ግና ሓገዝ ዘይኮነስ ሓደሽ ወለድ ዝፈጥር ሓደሽ ልቓሕ'ዩ። ኣብዚ ተመሳሳሊ እዋን (1982-90) ኣብ ምምዕባል ካብ ዝርከባ ሃገራት ናብ ኣለቃሕቲ ሃገራት ንምኽፋል ወለድን ተመላሲ ልቓሕን 1,345 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ውሒዙ። ሓቀኛ ስእሊ ካብ ድኻታት ናብ ሃብታማት ናይ ዝግበር ምስግጋር ንምሓዝ ድማ ክሽዋ ብወለድን ተመላሲ ልቓሕን ብኻልእ መልክዕ ንኣብነት ብናይ ዋንነት ክፍሊት (ሮያሊቲ)፡ ብዝበጽሐት ናይ ወሰንቲ-ብርኺ፡ ናብ ሃብታማት ሃገራት ብዝሶኮር መኽሰቡ፡ ንጥረ-ነገራት ብወሒዱ ወይ ትሕቲ ዝዋጋኦ ብምዕዳግን ብኻልእን ዝግበር ምስግጋር ናይ ጸጋታት ምርኣይ የድሊ። ስለዚ፡ ኣቐዲሙ ናይ ዝተጠቕሰ ኣታዊ (927) ከምኡ'ውን ወጻኢ (1345) ፍልልይ ጥራይ ምስ ዝርአ እቲ ካብ ድኻታት ናብ ሃብታማት ሃገራት ዝሰገረ ገንዘብ 418 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ እዩ። እዚ ግና ኑቲ ሓቀኛ ምስሊ ብልክዕ ዘየንጸባርቕ'ዩ። ንምንጽጻር ምእንቲ ክጥዕም ድማ ኑቲ ኣብ 1948 ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ነታ ብውግእ ዝበረሰት ኤውሮጳ ንምሕዋይ ብስም ማርሻል ፕላን ዝለቶ 14 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ንውሰድ፣ ብናይ 1991 ክብሪ ዶላር ክርአ እንከሎ ድማ 70 ቢልዮን ይግመት። ነዚ መሰረት ብምግባር፡ ካብ 1980 ክሳዕ 1990 ኣብ ደቡባዊ ክፍሊ-ዓለም ዝርከባ ብድኻታት ዝፍለጣ ሃገራት ነተን ኣብ ሰሜናዊ ክፍሊ-ዓለም ዝርከባ ብሃብታማት ዝግለጻ ሃገራት ብወለድ ዝኸፈልኦ ጥራይ ምስ ዝርአ ሽዱሽተ ማርሻል ፕላን መዋለንአን ማለት'ዩ። ግርንቢጥነት ናይዚ ጉዳይ ድማ ኣብዚ'ዩ። እተን ኣብ ሰሜን ዝርከባ ሃብታማትን ለጋሳትን ይበሃላ። እተን ኣብ ደቡብ ዝርከባ ድማ ድኻታትን ተሓገዝትን ይበሃላ። እቲ ሓቂ ግን ሃብትን ምዕባለን እዘን ሃብታማት፡ ካብ ሃብቲ ድኻታት ሃገራት ምዃኑ'ዩ።

እዚ ወለድ ናይ ዕዳ ንምኽፋል ተባሂሉ ዝጥዓዝ ግዙፍ መጠን ገንዘብ ብውሕዱ ብልቓሕ ንዘስዕቦ ጸቕጢ ንኸሽኪ ሓጊዙወንዶ እንተኢልና መልሱ ዘሕዝን'ዩ - ኣይሓገዞንን። እኳ ደኣ ንድኽነትን ኩነታትን ናይተን ሃገራት መሊሱ ኣጋዲድዎ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ እዋን ንወለድን መደቀስን ዕዳ 1.3 ትሪልዮን ዶላር ኣመሪካ እኳ እንተኸፈላ፡ ን1990ታት ግና ካብቲ ናይ 1982 ብ61 ሚእታዊት ዝዓቢ ዕዳ ሒዘን እየን ጀሚረንኦ። ካብ ሳሃራ ንታሕቲ ናይ ዘለዋ ሃገራት ዕዳ ድማ ካብቲ ኣብ 1980ታት ዝበረ ብ113 ሚእታዊ ዓብዩ።

ንዕዳ ዝምልከት በዘን ትካላት ዝተሰገደ ፖለሲታት ቅርጻዊ ምትዕርራይ (ስትራክቸራል ኣድጃስትመንት) ድማ ዝፈወሶ ነገር የለን። እኳደኣ ኑቲ ሸግርን ምዝማዝን መሊሱ ኣጋዲድዎ። ዝፈጠሮ ነገር እንተሃልዩ ድማ ማእለያ ዘይብሉ ስቅያት ኣብ ዜጋታተን ሰፊሕ ዝርግሐ ዘለዎ ኣከባብያዊ ዕንወትን እዩ። ብሰንኪ'ቲ ተጓሕጕሑ ዝኸይድ ጸጋታት ድማ ኣሽንኳይዶ ኣብ ቁጠባውን ማሕበራውን ለውጢ ክዓይ፡ ዕዳኦንን ወለዱን ንምኽፋል ዘይክእላሉን ንድሕሪት ዝተመልሳሉን ኩነታት'ዩ ፈጢሩ። ንዕዳ ተለቃሕቲ ሃገራት ዘመሓድሩ ሰብመዚ፡ ንወሰንቲ-ብርኺ መኽሰብ ዘዩመንጭዉ ኣካየድቲ ብሕታውያን ኮርፖረሽናት እንተዝኑብሩ ግዜ ከይበልዐ ብትሓት ብቐዓቶም ካብ ስራሕ ምተባረሩ ነይሮም። ፖለቲከኛታት ነይሮም እንተዝኾኑ'ውን ካብ ስልጣኖም ምተባረሩ። እዘን ኣብ ክንዲ ሃገራተን ዝዓያ ትካላት ድማ ኣፍረይቲ ይኹና ኣይኹና ብዘየገድስ ግዳይ ንዝኾኑ/ም ዜጋታት ድኻታት ሃገራት ተሓታትነት የብለንን። እዘን ትካላት ተሓታትነተን ኑዩም ኩላቱ እምበር ክሕተቱ ዘይክእሉ ዋናታተን እዩ። ኑዩም እልቢ ዘይብሉ ገንዘብ ዝኸፈሉን ወሃ ዝበለ መነባብሩ ዝነበሩን ሰራሕተኛታት ድማ ኣብ ዋሽንግተን ኣብ ሃገራት ሳልሳይ ዓለምን እዮም ዝርከቡ።

እዞም ኣብ ምምሕዳር ዕዳ ዝጥዩ ዓለምለኻውያን ሰራሕተኛታት ክምኡ ዝደልይዎ ጉዳይ ልዑል ዝመጠኑ ሰደድን ሱርብዞኻዊ ምንካይ ወጻኢታት መንግስትን ኮይኑ ብዝበዘሐ ስራሕ ኣልቦነት፡ ትሑት ደሞዝን ድኹም ህዝባዊ ኣገልግሎትን ዝፍጠር ሳዕቤን ኣየገድሶምን እዩ። ኑቲ ቅርጻዊ ምትዕርራይ ዝተሰምየ ፖለሲኦም ኣተግባራ ዝተዓወተት ሓንቲ ሃገር ክጠቕሱ ኣይክእሉን እዮም። ብመንጽር ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ኣከባብያውን መዳይ ምስዘርኣ ድማ 'ቅርጻዊ ምትዕርራይ' ዝበልዎ ፈውሲ ዕንወት እምበር ካልእ ጥቕሚ ኣይተረኽበን።

ድኻታት ሃገራት ብሰንኪ ተደራራቢ ዕዳን ልዑል ዝመጠኑ ወለድን ዕዳአን ንምኽፋል ኣብ ዘየኽእል ጸገማት ተሸሚመን ይርከባ። እቲ ጸገማት ንድኻታትን ተኣፈፍቲ ወገናትን መሊሱ ዘድከዩ ንኣብነቲ ብምዝማዛ ዘሎወን እዩ። እቲ ዘሕዝን ግና እዚ ጥፍኣት ገና ይቕጽል ምህላው'ዩ። እቲ መፍትሒ ድማ ቀሊልን ብዙሕ ዘየዋርብን እዩ። ነዚ ምዝማዝን መስርሑን ደው ምባል ጥራይ።

**ትርጉም፡ በርሀ ኣርኣያ**

**ምንጪ፡ The Post-Development Reader**




ኣብዚ ግራፍ ተመልኪቱ ከምዘሎ፡ ዘይማዕበላ ሃገራት ካብ ዓለምለኻውያን ትካላት፡ መሻርኽተን ሃገራትን ብሕታውያን ኣለቃሕትን ዝወሰደኦ ልቓሕ (ጸጋማይ) ቀጻሊ ዕቤት የርእየን ይቕጽላን ምህላወን'ዩ። ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ንወለድ ናይቲ ልቓሕ ዝተገብረ ክፍሊት ቀጻሊ ዕቤት የርኢ ኣሎ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ንካልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ውዕል መሸጣ ተረፍ መረፍ መግቢ (ማኛ) ካብ 01/መስከረም/2025 ክሳብ 31/ነሓሰ/2027
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ )
ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ካብ 01/መስከረም/2025 ክሳብ 31/ነሓሰ/2027 ተረፍ መረፍ መግቢ (ማኛ) ብምጭራት ክሸይጥ ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ፡ ንሕጋውያን ተጫረትቲ፡ ዋጋታት ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነት ተረፍ መረፍ መግቢ (ማኛ) ብዕሹግ ደብዳቤ ክቐርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣብ ሳዕሊ ዝተጠቕሰ ዕድጊ ክካየዱ ዝኽእሉ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ቅዳሕ መንነት ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈልሉ ሰነድ (Clearance) ናይ 2023 የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ፡ ናብ ኣሃዱ ዕድጊ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 08202691 ብምድዋል፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ክረኽቡን ናብ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክወስዱን ይኽእሉ።
5. ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን20 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መበል 20 መዓልቲ (ናይ ስራሕ ዕለት ምስ ዘይኮውን ድሕሪ መበል 20 መዓልቲ ዘሎ ናይ ስራሕ ዕለት) ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ፡ሕጋውያን ወከልቲ፡ ሰራሕተኛታት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ኣብ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ይኽፈት። ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ተቐባልነት የብሉን።
7. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 30,000 ናቕፋ (ሳላሳ ሽሕ ናቕፋ) ብ(C.P.O) ኣትሒዞም የቕርቡ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ
ቁ.ሳ.ፖስታ 344 ኣስመራ
ቑጽሪ ስልኪ 08202691/08371122

## Notice

Notice is hereby given to the public that **New Horizons Computer Center PLC** convened an extra-ordinary meeting of its shareholders on June 1 ,2025 resolved to withdraw Mr. Mohammed Mahmud Ibrahim from the company by selling all his 45 shares of value Nakfa 450,000 as par 10,000 nakfa to **Mrs. Setel Ibrahim Osman**, and **Mr. Karrar Hidad Karrar** appointed to be the manager of the company for unlimited period of time.

Thus , the new structure of shareholders and shares reads as follows:

| No. | Name | No. Of Shares | Values/Nakfa |
|---|---|---|---|
| 1 | Mr. Karrar Hidar Karar | 45 | 450,000 |
| 2 | Ms. Sitel Ibrahim Osman | 45 | 450,000 |
| | **Total** | **90** | **900,000** |

**New Horizons Computer Center PLC**

### ምስጋና



ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣዚና እንፈቅሮ ክቡር ወላዲናን ሓውናን ሌ/ኮሎኔል ዳኒኤል ከበደ፣ ኣብ ግዜ ሕማሙን ምስ ዓረፈን ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ጸጸራት ዘቃበርኩምናን ገዛና ብምምልላስ ከምኡ'ውን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ዓጺና ኣለና።

ኩሎም ደቁ ምስ
ምሉኣት ስድራቤት

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና ኣፍቂርና ንፈትዎን ክቡር ሓውናን ወድናን ፕሮፌሰር ግርማይ ኣብርሃም የውሃንስ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ሃገረ ጀርመን ሬሳ ኣብ ምልኣኽ ዝተሓባበርኩምና፣ ኣብ ትኹል ደብረ ቅዱስ ገብርኤል ብምኻድ ዘቃበኩምና፣ ኣብ ገዛና ብምምልላሱ፣ ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንገልጽ።

ኣሕዋቱ ስድራቤት
ፍስሃዬ ሻምበል ኣብርሃም የውሃንስ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እንፈቅሮ ኣቦና ኣቶ ገብረእግዚኣብሄር ብርሃ (ትሪብ)፣ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩሞ፣ ምስ ዓረፈ ከኣ ክሳብ ጣዕረሺ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፣ ናብ ገዛና ብምምልላስ፣ ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብተሌፎንን ኢመይልን ዘጸናናዕኩምና፣ ካህናት፣ ኣዕሩኽቱ፣ ቤተሰብን ፈተውትን፣ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንዓጹ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ጸጌረዳ ሃብተማርያም
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እንፈቅራን እነኽብራን ጓልናን ሓፍትናን ወ/ት ፍዮሪ ብርሃ በርሀ፣ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መካነ መቓብር ሓዝሓዝ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን፣ ኣብ ገዛና ብምምልላስ ካብ ወሽጥን ካብ ወጻእን ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዘለኹም ኣሕዋትን መተዓብይትን ከምኡ'ውን ተቐማጦ ሪያድ ስዑዲ ዓረብ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ኤርትራ ዝገበርኩምዎ ምትሕብባር ብቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን፣ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ምስጋና ነቕርብ።

ምሉኣት ስድራቤት

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

የሃንስ ኣርኣያ ግርማጽሃንስ፡ ስም ኣደይ ዛይድ ተሰፋልደት ገሪማ ምባል ተሪፉ፡ ዛይድ ተሰፋሚካኤል ገሪማ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/9/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቤተልሄም ዳዊት ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፡ ቤተልሄም ዳዊት ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ትምኒት ተኽለም ተኪኤ ምባል ተሪፉ፡ ኢሳርያ ተኽለም ተኪኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣርሴማ ጉበሩ ካሕሳይ፡ ብዓል ቤተይ ቢንያም ኣማኒኤል ጉብረእግዚኣብሄር ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓሉ ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/9/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ማርያ ፋኣድ ወልደሚካኤል፡ ተጻዋዒት ወ/ት ኮንፂታ ታፖሊና፡ ንዓኺ ዝምልከት ናይ ጥፋእ መረጋገጺ ይሃቦድ ስለ ዘሎ ን14/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49. ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ሳሮን ግርማይ ሰዒድ ምባል ተሪፉ፡ ሳሮን ግርማይ ናኣምን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ሐርያ መሓመድ ኢብራሂም፡ ብዓል ቤተይ ዓብደላ ዑመር ኣሕመድ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 6 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/9/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ትዕግስቲ መሓሪ እድሪስ፡ ብዓል ቤተይ ወልደማርያም ደሳለ ተኽለማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ኣሕምልቲ፡ ቀመማት፡ እንቋቑሖ፡ በርበረ ምስ ቀመሙን ምስ ጨውን፡ መጥሓኒ ገፍሮ በርበረ፡፡
ዓዳጊ፡ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ዕድጊ፡ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ንዓመተ 2026 ካብ 01/2026 ክሳብ ወርሒ 12/2026 ንተመሃሮ፡ ኣለይቲ ክሊኒካት ዘውዕል ቀረብ መግቢ ከምጋርት ስለ ዝደለየ፡ ሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት

1. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ ኣሕምልቲ፡ ቀመማት፡ እንቋቑሖን፡ ጥሑን በርበረ ምስ ቀመሙን ጨውን፡ መጥሓኒ ገፍሮ በርበረ ብዕሽግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2024 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ከም ዝተኸፈለ መረጋገጺ መንነት ወረቐት የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ዕድጊ ማእ/ስል/ሃገ/ኣገልግሎት ቤት/ትም/ኢብራሂም ሱልጣን (ቤተጎ) ኣብ ቁጽሪ ቴሌፎን 111479 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ጨረታ፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሰሉስ ዕለት 30/09/2025 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጉዩ ዝቐረበ ተጫራቲ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወኪልቲ ስለ ሰርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሰባት ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እምባጋልያኖ ሰሉስ ዕለት 30/09/2025 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ፡ ዝምለስ ንኣሕምልቲ 300,000 ናቕፋ፡ ንጥሑን በርበረ ምስ ቀመሙን ጨውን መጥሓኒ ገፍሮ በርበረን 300,00 ናቕፋ፡ ንእንቋቑሖ 10,000 ናቕፋ ብሲፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ ማሰረት ይሃየድ፡፡
9. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ፡ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ፡
ቁጽሪ ቴሌፎን 111479
ኣስመራ ኤርትራ

ኣመልካቲ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ገጀረት ጎደና 752-3 ዝርከብ ገዛ ASP 00046975 ASD 00046595 ስፍሓት መሬት 187.41 ት/ሜ ብዙሓ. ክፍሊ ቀንዲ 6 ተሓጋገዝቲ 3 ዘጠቓልል፡ ብስም ሰገድ ኤልኣዛር በኺት ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1/016185 ዝተመዝገበ ስለዝዓደግኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ዓድል የማን ኣስቲፋኖስ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ ማሰረት መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ፡፡

ዓድል የማን

ብስም መሓመድ ሳልም ኣልኸፃባሸ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00006197 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ዓሰብ ቁ.ገዛ 49 ዝርከብ ናይ መሸጢ ኮስሞቲክስ ሬድ-ሜድ ክዳውንቲ መጸባበቒ ኣቑሑን ባምባላታትን ጫማን ብቆርበት ዝተሰርሑ ኣቑሑትን መሸጥን/ ጽገናን ሰዓትን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሓናን መንሱር ፍትዊ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 134-2 ቁ.ገዛ 13 ካብ ዕለት 01/08/2025 ክሳብ ዕለት 31/07/2035 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ክፈልጥ፡፡

መሓመድ ሳልም ኣልኸፃባሺ
ሕጋዊ ወኪል ሳልም መሓመድ ሳልም

ኣነ ሸያጢት፡ ወ/ሮ ጺጋ ገብረስላሴ ገብረሂወት፡ ኣብ ዞባማእከል፡ ከተማ ኣስመራ ፤ን/ዞ/ገጀረት፡ ከ/ሓለብት፡ ጎደና 753-9ዚፕ-1A753፡ ቁ/ ፓርሰል ፤ ፕሎት-9 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ብቁ/መለ/ንብ/ 1BRASM019507/0 ብዕለት 30/03/2017 ዓ/ም ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንኑቱ ዝተረጋገጸ መንበሪ-ገዛ ስለዝሸጥኩዎ'ሞ ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ ማሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት-ጽሕፈት ፓብሊክኖታሪ፡ ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ፡፡ እንተዘየለ ግን ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላለፍ ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ጺጋ ገብረስላሴ ገብረሂወት

ብስም ነ/ፍ ኑር ኣማን ዓብዱራሕማን፡ ኣብ ን/ዞባ ኣኽሪያ ጎደና168-3 ዚፕ 1A168 ፕሎት 14 ፓርሰል N መለለዩ ቁጽሪ 180873 መወከሲ ቁጽሪ 141407 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት 150 ት/ሜ፣ ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ ማሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪብ ጉዳይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ማስዑድ ዓብደልማሊክ

Alliance Française
Asmara - Eritrea

ስሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ኣብ ቤ/ት ኣሊያንስ ፍራንሰዝ ናይ ኣስመራ፣ ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 15 መስከረም ንዓበይቲ ከምኡ'ውን ካብ ዕለት 20 መስከረም ንንኣሽቱ ክጅምር ምዃኑ ከበስር ንፈቱ፡፡ ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳልዩልኩም ኣሎ፡፡ ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ፡፡

ብደሓን ምጽኡ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270
ኣድራሻና፣ ጎደና ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓርባዕ ሬስቶራንት እዩ፡፡

# ዳጋ ሰንጅብሉቕ፡ ፍታሕ ንዘቤታዊ ኣገልግሎትን ጥሪትን

ዮናታን የዕብዮ
ኣ/ዜ/ኤ - ዞባ ማእከል

ማይ መሰረታዊ ድሌት ፍጡራት'ዩ። ኣብ ቀጻልነት ጉዕዞ ህይወት ድማ ቀዳማይ ተራ ይጻወት። ስለ ዝኾነ፡ መንግስቲ ካብ ጽባሕ ናጽነት ኣትሒዙ፡ ናብ ርሑቕ ገጠራት ዝጠመተ ኩሉ ዓይነት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናብ ኩሉ ንምብጻሕ ክሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን። በዚ መሰረት ኣብ ቀረብ ማይ ዝተኻየደ ጻዕርን ወፍርን፡ ብኣብኡ ካብ ዝጥቀሱ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት'ዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ገዚፍ ባጀት ብምስላዑ፡ ኣብ ልምዓታውን ትሕተ ቅርጻውን መደባት ዓቢ ኣበርክቶ ዘለወን ዳጋታት ተሃኒጸን'የን። ምስኡ'ውን ንሰብን ጥሪትን ከም ዝስተ ጽሩይ ማይ ኮይነን ዘገልግላ ዳጋታት ተዋዲደን'የን። ህዝቢ ድማ፡ በዝከብበኦን ብደረጃ ኮምን ኮሚተ ዓዲን ተወዲቡ፡ ብዓቕሙን ጉልበት ፍቓዱን ኣብ ህንጸት ናይ'ዘን ዳጋታት ክሳተፍ ጸኒሑን ኣሎን።

ብቐጻሊ ኣብ ዝገዋሕ መራኸቢ ብዙሓን፡



ኣቶ ተኪኤ ቀለታ — ኢንጂነር ሕሩይ ኣማኑኤል



ኣቶ መሓመድዑስማን ኢብራሂም

"ዓዲታት እገሌ ጉልበቶምን ገንዘቦምን ብምውህሃድ ዝጸንሖም ሕጽረት ጽሩይ ዝስተ ማይ ንምቅላል፡ መንግስቲ ብዘበርከቶ ደገፍ፡ ንሰብን ጥሪትን ዘቤታዊ ኣገልግሎትን ዝውዕል መጠነ ንኡስ ዳጋ፡ ረኺቦም፡ ሓጸቢ ሃኒጾም። ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዝበርም ጸቢት መምሃሪ ክፍልታት ንምቅላል ድማ ተወሳኺ መምሃሪ ክፍልታትን ብሉጻትን ኣዋዲዶም። ኣብ መዳይ ጥዕና ዝጸንሖም መርኣይን መደቀሲ ሕሙማትን ክፍልታት ብምህናጽ'ውን ሽግራቶም ኣቃሊሎም. . ." ዝብል ንባብ ዓያይነት ዝኸሰኩሰን ናይ ምትግባር ሓይሊ ዝፈጥርን ዜናዊ ሓበሬታ ይቃላሕ'ዩ።

ምምሕዳር ዞባ ማእከል ብሓፈሻ ክፍልታት ህንጻዊ ልምዓትን ሕርሻን መሪሕነት ዞባ ማእከል ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ትሕቲኣን ብዘርከባ ጨንፈር ሕርሻዊ ትሕቲ ቅርጽን ጨንፈር ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብምውህሃድ፡ ኣብ ኣርባዕተ ንኡሳን ዞባታት ማለት ንኡሳን ዞባታት በረኽ፡ ጋሉ'ፍሕ፡ ሰረጀቓን ኣስመራን ዓበይቲ ቅራራት ማይ ከዕታት ብምፍዋስ፡ ንሰብን ጥሪትን ዘቤታዊ መዓላን ዘገልግላ ዓበይቲ ማእከሎትን ንኣሹቱን ናይ መንደቕን ሓመድን ዳጋታትን ራህያታትን ከም ዝህነጻ ገይሩ እዩ።

እተን ዳጋታት ክንዮ ዝስተ ማይ ንሰብን ጥሪትን ዘቤታዊ ኣገልግሎት ኣብ ምስሳኑ፡ ዓሳ ማይ ጥዑም ኣብ ምድንፋዕ፡ ሕርሻዊ ንጥፈታት ብሓፈሻ፡ ምህርቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ኣብ ዘሰስን ልምዓት ማሰኖ ድማ ብፍላይ ኣብ ምሕያል፡ ዘይተዓቀ ኣበርክቶ ገይረን ኣለዋ። በዚ መሰረት፡ ኮሚደረ፡ ኣሕምልቲ፡ ድንሽ፡ ካሮት፡ ካውሎን ካልእን ብምፍራይ፡ ኣብ ምርግጋእ ዕዳጋ ኣስመራን ከባቢኣን ልዑል ተራ ይጻወታ ኣለዋ።

ኣብ ዘቤታዊ ኣገልግሎትን ጥሪትን ነበርቲ ሰንጅብሉቕ ዝጸንሐ ሕጽረት ማይ ንምቅላል፡ ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባ ማእከል፡ ምስ ኩባንያ ዕደና ኣስመራ ብምውህሃድ፡ እታ ዓዲ ብዋሽሪ ዝተሰቐ ህንጸት ናይ ሓመድ ዳጋ ተኻይዱላ ኣሎ።

እታ ኣብ ንኡስ ዞባ በረኽ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ ሰንጅብሉቕ ዝተሃንጸት ናይ ሓመድ ዳጋ፡ ብዘዋጽኦ ተዛዚማ፡ ብ28 ነሓሰ 2025፡ ወግዓዊ ስነ ስርዓት መመረቕታ ተገይሩላ፣ ንኣገልግሎት ድልውቲ ኮይና ኣላ። ኣብ'ቲ ናይ መመረቕታ ስነ ስርዓት፡ ዕድመ ዝተገበረሎም ሓለፍቲ ዝተፈላለያ ክፍልታትን ጨናፍርን፡ ኣመሓደርቲ 16 ንኡሳን ዞባታት፡ ኣባላት ኩባንያ ዕደና ኣስመራን ክርከቡ እንከለዉ፡ ኣቦ መንበር ባይቶ ዞባ ማእከል ኣቶ ኣብርሃም ስመረን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስ ዞባ ኣቶ ተኪኤ ቀለታን ተረኺቦም ኩኑ፡ ኑቲ ዝተዳለወ ሪባን ብምቁራጽ መረቕሞ። ድሕሪ'ቲ ስነ ስርዓት መመረቕታ ድማ፡ ዕዱማት ኣጋይሽን ነበርቲ ዓዲ ሰንጅብሉቕን ከባቢኣን፡ ናብታ ዝተሃንጸት ናይ ሓመድ ዳጋ ብምኻድ፡ እናተዘዋወሩ ተዓዚቦምዋን ብኪኢላታት ሰፊሕ መግለጺ ተዋሂቡዎምን።

እታ ዳጋ ተጀሚራ ክሳብ እትዛዘም ኣብ ምህናጻ ዝተኸታተሉ ኣባላት ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባ ማእከል ኢንጂነር ሕሩይ ኣማኒኤልን እንጂነር ኣብርሃም ዳኒኤልን፡ ናይ እንቋዕ ብድሓን መጸእኩም ሰላምታ ድሕሪ ምስማዕ፡ እታ ናይ ሓመድ ዳጋ፡ ኣብ ዓዲ ሰንጅብሉቕ ዝጸንሐ ሕጽረት ዝስተ ማይ ጥሪትን ዘቤታዊ ኣገልግሎትን ኣብ ምቅላል ዝለዓለ ኣበርክቶ ከም ዝህልዋ ሓቢሮም። ንሱቶም ኣስዒቦም፡ እታ 60 ሄክታር ማይ ክፉ 10 ሜትሮ ብራኸን፡ 110 ሜትሮ ቁመትን ዘለዋ ዳጋ፡ ልዕሊ 77 ሽሕ ሜትሮ ኩቦ ማይ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ከም ዘለዋ ድማ ኣረዲኦም።

ተሳተፍቲ፡ ድሕሪ ዝተዋህቦም ሓጺር መግለጺ፡ ናብቲ ብደረጃ ዓዲ ሰንጅብሉቕ ዝተተኸለን ብምዕሩግ ኣገባብ ዝተሸለመን ዓቢ ዳስ'ዮም ኣምሪሖም። ኣደታት ዓዲ ሰንጅብሉቕ ድማ፡ እልልታን ናይ ሓጎስ ከበሮን እናደሰቓ ናብ'ቲ ናይ ሓጎስ ዳስ ተጻንበረን። እቲ ናይ ሓጎስ ሃዋህውን ፍሰሃን መሊሱ እናደመቐ ከደ፣ ዕሙር ጓይላን ጸወታን ድማ ቀጸለ።

ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ ሰንጅብሉቕ ኣቶ መሓሪ ሓይለኣብ፡ ኑቲ ኣጋጣሚ ዝምልከት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ "ሎሚ ዝዕዳ ኩሉን መዓልታት ፍልይቲ'ያ። ኑበስናን ጥሪትናን ከይተሰከፍና ክንግልግለላ እተኸለናን ዓቢ ፍታሕ እትኾነና ዳጋ ተሃኒጻትልና ብምህላዋ፡ ሓጎስና ወሰን የብሉን። ቀጻልነታን ኣገልግሎታን ውሑስ ንምግባር ድማ፡ ማይ ክዕኣ ንምፍዋስን ንምዕቃባን ኣብርቲዕና ክንሰርሕ ኢና" ብምባል፡ ኑታ ዳጋ ኣብ መፈጸምታኣ ንዘበጽሑ ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ኩባንያ ዕደና ኣስመራን ልባዊ ምስጋናኡ ኣቕሪቡ። ኑዩም ኣብ ወሽጢ ዓዲን ከተማ ኣስመራን ኮይኖም፡ ብኮሚቴን ካልእን እናተወደቡ ኣብ ምስራሕ እታ ዳጋ ክይተሓለሉ ዝተሳተፉ ደቂ ዓዲ ድማ ኣመስጊኑ።

ነበርቲ ዓዲ ሰንጅብሉቕ ቀሺ ፍጹም ዑቕባሚካኤልን ኣቶ ቢያን ዓብዱን ብዛዕባ'ታ ዝተሃንጸትሎም ዳጋ ኣመልኪቶም ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እታ ዳጋ ኑተን ነዊሕ ተጓዒዘን ማይ ክስትያ ዝጸንሓ ጥሪቶም ኣብ ቀረባኣን ማይ ንኽሰትያ ዕድል ዝፈጠረት፣ ኣብ ምቅላል ዘቤታዊ ኣገልግሎት ማይ ነበርቲ ሰንጅብሉቕ ድማ ልዑል ኣስተዋጽኦ ዘለዋን ብምዃና፡ ኣገዳሲነታ ዕዙዝ ከም ዝኾነ ሓቢሮም። መንግስቲ ኑዛ ዳጋ ብዝዩ ክፍሊት ስለ ዝሃነጸሎም ድማ ኣመስጊኖም።

ተቐማጢት ዓዲ ሰንጅብሉቕ ወ/ሮ ንግስቲ ተኸስተ ድማ፡ ኣብ ማእከል ዓዶም ዳጋ ምህናጹ፡ ኣብ ማሕበራዊ ሂወቶም ዝህልዋ ኣበርክቶ ቀሊል ከም ዘይኮነ ጠቒሳ፡ ብውሕልነትን ጽፈትን ክጥቀመላ ልዑል ሓላፍነት ከም ዘለዎም ብምግላጽ፡ ንዝተጉበረሎም መንግስታዊ ደገፍ ኣመስጊና።

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝቕመጥ ተወላዲ ዓዲ ሰንጅብሉቕ ኣቶ መሓመድዑስማን ኢብራሂም ብወገኑ፡ "ኤርትራ ሓንቲ ካብ'ተን ዓመታዊ ትሑት መጠን ዝናብ ዝረኽባ ሃገራት ብምዃና፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምኽያድ ዝያዳ ኩሉ ኣገዳሲ ይገብሮ። ስለ ዝኾነ ኩኑ፡ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ጽባሕ ናጽነት ኣትሒዙ ዳጋታትን ከዘንቲ ማይን ኣብ ምህናጽ ዘይሕለል ጻዕሪ ኣብ ምኽያድ ይርከብ። እዛ ብልዑል ጻዕሪ ህዝብን መንግስትን ተሃኒጻ ሎሚ ንምርቓ ዘለና ዳጋ ዓዲ ሰንብጅብሉቕ ድማ፡ መርኣያ ናይ'ዚ ኮይና፡ ነበርቲ ብጥንቃቐን ሓላፍነትን ክጥቀሙላ ስለዋይ ኣመሓላልፍ" ክብል ገለጸ።

ኣቶ ተኽልኣብ ብርሃን ወይዘሮ ብርኽቲ ቀሺ ተስፋን ብዝገደሶም፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ዘሐብን ኣጋጣሚ ስነስርዓት መመረቕታ ብኣካል ምውዓሎም ዝተሰምዖም ሓጎስ ብምግላጽ፡ ንኹሎም ነበርቲ ዓዲን ተወለድትን ሰንጅብሉቕ የዋና ኢሎም። ኑታ ዳጋ፡ ብውሕሉል ኣገባብን ልዑል ጥንቃቐን ከም ዝጥቀሙላ ድማ ቃል ኣትዮም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ በረኽ ኣቶ ተስፉ ፍስሃጽዮን ብወገኑ፡ እቲ ስራሕ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክዕመም ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባ ማእከልን ኩባንያ ዕደና ኣስመራን ንዘበርከትዎ ኣበርክቶ፣ ከምኡ'ውን ነበርቲ ሰንጅብሉቕ ንዘርኣዩዎ ተወፋይነት ብምምስጋን፡ ጸርዩ ዝተሓለወ ማይ ተዋዲዱ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ኣጠቓቕማኡ ቅርዑውን ውሕሉልን ኣገባብ ክኽተሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዞባ ማእከል ኣቶ ተኪኤ ቀለታ ኣብ ዘስምዖ ናይ መዛዘሚ ቃል፡ መንግስቲ ክሳብ ርሑቕ ገጠራት ዝጠመተ ጸርዩ ዝተሓለወ ማይ ኣብ ምውዳድ ኣበርቲዑ ክሰርሕ ክምዝጸንሐን ከም ዘሎን ብምሕባር፡ ኣብ መመረቕታ በጺሓ ዘላ ዳጋ ሰንጅብሉቕ ድማ ኣብኡ ናይ'ዚ ስለ ዝኾነት፡ ኣብ ምህናጻ ንዝተሳተፉ ኣባላት ኩባንያ ዕደና ኣስመራን ኣባላት ምምሕዳር ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባ ማእከልን ኣመስጊኑ። ተቐማጦ ሰንጅብሉቕ ድማ ኺ ተሃኒጹሎም ዘሎ ዳጋ ብውሕሉል ኣገባብ ክጥቀሙሉ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ መዛዘሚ ስነስርዓት መመረቕታ ዳጋ ሰንጅብሉቕ፡ ኣብ'ቲ ስራሓት ንዝተሳተፉ ኣባላት ኩባንያ ዕደና ኣስመራን ኣባላት ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት



ኣቶ መሓሪ ሓይለኣብ



ኣቶ ተስፉ ፍስሓጽዮን



ወይዘሮ ንግስቲ ተኸስተ

ዞባ ማእከልን ከምኡ ድማ ደቂ ዓዲ ሰንጅብሉቕ ናይ ምስጋና ወረቐት ምስክር ተዋሂሎም። እቲ ብእኽሎማይን ሕሩድን ተሰንዩ ንሰለስተ ሰዓታት ዝቐጸለ ስነስርዓት ምምራቕ ድማ ብዮዉት ተዛዚሙ።

ዓዲ ሰንጅብሉቕ ካብ ከተማ ኣስመራ ንሸነኽ ሰሜናዊ ምዕራብ 12 ኪሎ ሜትር ርሒቓ ትርከብ።



# ዛዕባ ሎሚ

## ሕቶ ኣፍደገ ባሕሪ ብመንጽር ኣህጉራዊ ሕጊ

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረሰ)

2ይ ክፋል

ጉዳይ ኣፍደገ ባሕሪ ኣብዚ ዞባ፡ ብቐንዱ ብናይ ግዝያዊ ኣጀንዳታት እናተደረኸ ካብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን ጀሚሩ ከዘራርብ ዝጸንሐ እዩ። ኣብዚ እዋንዚ ከኣ ደጊሱ ናይ ታሪኽ ብዘይምስሉ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብገለ ዞባውያን ሓይልታት ደርኺት እናተጐብረለ፡ ኣቓልቦ ዝስሕብ ዛዕባ ክዝርብሮ ይሀቅን ኣሎ። እቲ ሰቡት ንምግጋይ ዝቐርብ ምጉት፡ ንታሪኽ፡ ብዙሓ. ህዝቢ፡ ኣቃውማ ሕብረተሰብ፡ ጸጥታዊ ውሕስነት ዝጠቓቕስ እዩ። ካብ ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ጀሚርካ፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ተቐባልነቱ ብመንጽር ኣህጉራውያን ሕግታት ከመይ ደርአ? ኣብ ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲ ቐይሕ መምህር ሕጊ ኣቶ ኢሳይያስ ተኽልያ ዝሃቦ መብርሂ ቀዳማይ ክፋሉ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ኣቕሪብናዮ ምንባርና ዝዘከር ኮይኑ፡ ካልኣይ ክፋሉ ይስዕብ። መምህር ኢሳይያስ፡ ቀዳማይ ዲግሪ ብዓውደ ሕጊ ኣብ 2015 ካብ ኮለጅ ዓዲ ቐይሕ ድሕሪ ምርካቡ፡ ካልኣይ ዲግሪ (ማስተርስ) ብኣህጉራዊ ሕጊ ኣብ 2021 ካብ ዩኒቨርስቲ ሺያመን - ቻይና ዝተመረቐ እዩ።

***

- ገለ ልሂቃን ኢትዮጵያ ብዙሓ. ህዝቢ ስለዘለዋ፡ ቁጠባዊ ዕብየታ እውን ብናህሪ ይስጉም ስለዘሎ፡ ግድን ኣፍደገ ባሕሪ የድልያ እዩ፡ ክብሉ ይሰምዑ እዮም። ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብላ ሃገር በዝም ዝተጠቕሱ ምኽንያታት ካብ ልኡላዊ ግዝኣት ካልኦት ሃገራት ኣፍደገ ባሕሪ ክወሃባ ዘፍቕድ ኣህጉራዊ ሕጊ ኣሎ ድዩ፧

ብዙሓ. ህዝቢ. ኢትዮጵያ ኣብ 2030 ክሳብ 150 ሚልዮን ክበጽሕ'ዩ፡ ክንዲ'ዚ ዝኣክል ህዝቢ. ቀጥታዊ ኣፍደገ ባሕሪ እንተዘይብሉ ከሽገር እዩ፡ ዝጠመየ ህዝቢ. ድማ ሕጊ የብሉን፡ ዝዓይነቱ ዘረባ እዩ። እዚ፡ ብመሰረቱ ኑየም ቀንዲ ኣዕኑድ መትከላት ኣህጉራዊ ሕጊ ዘዕኑ እዩ። ሓንቲ ሃገር ህዝባ ስለ ዝበዝሐ ወይ ስለ ዝጠመየ ልዑላውነትን ግዝኣትን ካልእ ሃገር ክትጥሕስ ኣይትኽእልን እያ። ንኣህጉራዊ ስርዓት (International Legal Order) ካብ ዝቖሙ ኣዕኑድ መትከላት ሓደ፡ ምኽባር ልዑላውነት፡ ግዝኣታዊ ሓድነትን ፖለቲካዊ ነጻነትን እዩ። እዚ መትከል'ዚ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን (ብሰምምዕ ወይ ኣብ እዋን ኣፍሰምኽልኻል ወይ ብውሳነ ባይቶ ጸጥታ እንተ ዘይኮይኑ) ኣይጠሓስን እዩ። ሃገራት ኣብ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ናይ ግድን ክኽብራኦ ዘለወን'ዩ። ምጥሓስ ናይ'ዚ መትከል'ዚ ነቲ ማሕበረሰብ ዓለም ቈይምሉ ዘሎ መሰረት ኣህጉራዊ ስርዓት ብቐጥታ ዝትንክፍ'ዩ። ስለዚ ብዙሓ. ህዝቢ.ን ዕብየት ቀጠባን ካልእን እናተባህለ ዝቐርብ ምኽንያታት ብኣህጉራዊ ሕጊ ቅቡል ኣይኮነን። ብዙሓ. ህዝቢ፡ ጥሜት፡ ዕብየት ቀጠባ ወዘተ. ብሰላም ኣጕባብ ደኣ ይፍታሕ እምበር፡ ብወረር ክፍታሕ ዝድግፍ ሕጊ የለን። ኣህጉራዊ ሕጊ ዓንቀጽ 2(4) ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ከም ዝመልክቶ፡ ምጥሓስ ልዑልውነት፡ ግዝኣታዊ ሓድነትን ናጽነትን ሓንቲ ሃገር፡ ሓይሊ ምጥቃምን ሓይሊ ንኽትጥቀም ምፍርራሕን ክልኩል'ዩ። ብሓጺሩ ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሃገራት ኣብ ዝኾነ እዋን ብዝኾነ ምኽንያት ክጥሓስ ዘይብሉ ኣህጉራዊ ግዴታ (Jus cogens) እዩ።

- ጉዳይ ጂኦግራፍያዊ ቤት ማእሰርቲ ኴንና ዝብል መረረ እውን ኣሎ፧ ከመይ ትርእዮ፧

ከምዚ ዓይነት ስምዒታዊ ካብ ምዃን ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ክወሃቦ ኣይክእልን። ንህዝቢ. ኢትዮጵያ፡ ተኣሲሩን ተዓጽዩን ከም ዘሎ ኣምሲልካ ንኽተረሳስን እንተ ዘይኮይኑ፡ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ፋይዳ ዘለዎ ዘረባ ኣይኮነን። ከምኡ እንተኾይኑ፡ ኩለን ካልኦት ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ኤውሮጳ፡ እስያ፡ ደቡብ ኣመሪካን ኣፍሪቃን፡ ኣፍደገ ባሕሪ ካብ ዘለወን ጎረባብቲ ሃገራት ክወሃበን ኩሉተ እየን ማለት እዩ። እዚ ከኣ ዘይክውንነታዊ ንመሰረታዊ መትከላት ኣህጉራዊ ሕጊን ስርዓትን ከምኡ'ውን ንቻርተራት ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ዘዕኑ እዩ ክኸውን።

- "እንተኾነ ብሰላም፡ እንተዘይኮነ ሓይሊ. ምጥቃም እውን ከም ኣማራጺ ኣብ ግምት ዝኣቱ እዩ" ዝብል ኣዘራርባ እውን ኣሎ፧

እዚ ንበሉ ዋላ ከም ቃል ዓቢ. ጥሕሰት ኣህጉራዊ ሕጊ እዩ። ዓንቀጽ 2(4) ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ልዑላውነት፡ መሬታዊ ሓድነት፡ ፖለቲካዊ ነጻነት ሓንቲ ሃገር ንምግሃስ ሓይሊ. ምጥቃም ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ምፍርራሓ ዝኽልክል እዩ። ርእሰ'ዩ ሓንቲ ሃገር ገዛእ ርእሳ ክትከላኸል (self-defense) ወይ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ብዘሐዘዞ መሰረት ኣብ ልዕሊ. ካልእ ሃገር ሓይሊ. ክትጥቀም ትኽእል እያ። ካብዚ ወጻኢ. ግን፡ ወረርን ጥሕሰትን ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ስለዝኾኑ ውጉዛት'ዩ። ኢትዮጵያ ብምስምስ ኣፍደገ ባሕሪ ሓይሊ. ናይ ምጥቃም ስጉምቲ ክትወስድ እንተኾይና ቅሉዕ ጥሕሰት ኣህጉራዊ ሕጊ እዩ ክኸውን። ኤርትራ ድማ ዓንቀጽ 51 ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ነፍሳ ክትከላኸል ምሉእ መሰል ይህባ። ኢትዮጵያ ብጥሕሰት ኣህጉራዊ ሕጊ ተሓታትነት (State Responsibility) ይህልዋ። ዓንቀጽ 2(4) ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ካብቶም ቀንዲ ግዴታታት ኣህጉራዊ ሕጊ (jus cogens or peremptory norms) ስለዝኾኑ፡ ብዘይካ ጉዳይ ዝኾነት ሃገር ነፍሳ ክትከላኸል ትወስዶ ስጉምቲ ካልእ ናይ ሓይሊ. ስጉምቲ ኣይቅበልን እዩ። ማሕበረሰብ ዓለም ከኣ ዝተፈጥረ ጥሕሰት ክእረምን ኩነታት ናብ ንቡር ክምለስን ኣብ ጉድኒ እታ ዝተበደለት ሃገር ክኸውን ግዴታ ኣለዎ።

. ኢትዮጵያ ምስ ኤርትራ ብቐጥታ ብምዝርራብ ኣፍደገ ባሕሪ ክትረኽብ ዘኽእላ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ወይ'ውን ዝኾነ ካልእ ሕጋዊ ባይታ ኮነ ማሰል ኣሎ'ዶ፧

ኢትዮጵያን ኤርትራን ብኣህጉራዊ መግዛእታዊ ወሰናት ዝተመልከተ ብቀያድን ናይ መወዳእታን ውሳኔ ኮምሽን ዶብ እውን ደጊሙ ዝተሓጸረ ዶባት ዘለወን ክልተ ልዑላውያን ሃገራት እየን። ስለዚ፡ ኣብ መንጎአን ዝ. ኣህጉራዊ ዶብ'ዚ ሰጊሩ፡ ብዛዕባ ሕቶ ኣፍደገ ባሕሪ ከዘራርብ ዝኽእል ዝኾነ ሕጋዊ መሰረት የለን። ካብዚ ተደጊሙ ክብሃል እንሰምዖ መሰረት ዘይብሉ ናይ ይግብኣና ዘረባታት ወጻኢ፡ ብመርትዖ ወይ ብኣህጉራዊ ሕጊ ዝተደፈገ ሕቶ ክቐርብ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ እቲ ዘረባ ስምዒት ካብ ምዃን ሓሊፉ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ጣቕ ዘለዎ ኣይኮነን።

. መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ኣፍደገ ባሕሪ ዘኳይዶ ዘሎ፡ ንኩለን ባሕሪ ዘለወን ጎረባብቲ ሃገራት ኢትዮጵያ ስክፍታን ስግኣትን ዝፈጥር እዩ፧ ሃገራት ናይዚ ዞባ ንከምዚ ዓይነት ምትንኻፋት እንታይ ግብረ መልሲ. ክህባሉ ይኽእላ፧

እዚ ናይ ኢትዮጵያ ጠለብ ዘይሕጋዊ ጥራይ ዘይኮነ ሓደገኛ ሳዕቤን እውን ክህልዎ ዝኽእል እዩ። ስለዚ ዝ. ዘይሕጋዊ ተግባር ጠጠው ንምባል ሃገራት ናይዚ ዞባ ክዝብርኦ ዝኽእላ ዝተፈላለየ ኣማራጺታት ክንዝምልከት ንኽእል ኢና። ገለ ካብኡ፡ ኣህጉራዊ ሕጊ ባሕሪ ብዝፈቕዶ መሰረት፡ ኢትዮጵያ ናይ ጐረባብታ ሃገራት ልዑላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ብዘይትንክፍ መገዲ፡ ማሰል ተጠቃምነት ኣፍደገ ባሕሪ እንተደልያ፡ ሃገራት ናይዚ ዞባ ብኽልተኣዊ መገዲ ይኹን ብዞረጃ ዞባ ዘትየን ብርድየት፡ ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ትጥቀመሉ ኩነታት ክፈጥራ ይኽእላ። እዚ ንኹሉ ዘርብሕ እዩ። ካብ'ዚ ወጻኢ. ዘሎ ሃቐነታት ግን፡ ንሰላምን ጸጥታን ናይዚ ዞባ ኣብ ሓደጋ ስለ ዘእቱ፡ እዚ ዝስዕብ ስጉምታት ብዕቱብ ክወሰድ ተመሪጺ. እዩ።

ቀዳማይ፡ ጐረባብቲ ሃገራት ናይዚ ዞባ ከሉን ብሓባር ንዘይክውንነታውን ዘይሕጋውን ጠለባት ኢትዮጵያ ክኸዓንኦ የድሊ። ካልኣይ፡ ብዛዕባዚ ጉዳይ'ዚን ዘይሕጋውነቱን ንሕብረት ኣፍሪቃ ክሕብራ፡ እቲ ሕብረት ብመሰረት ዝቖመሉ ቻርተር ንዘይሕጋዊ ሕቶ ኢትዮጵያ ክኹንኖ ግዴታኡ ምዃኑ ክጽውዓ የድሊ። ሳልሳይ፡ ካብ ሕብረት ኣፍሪቃ ንላዕሊ. ብምኻድ እውን ሕቡራት ሃገራት ብሓፈሻ፡ ባይቶ ጸጥታ ድማ ብፍላይ፡ ብዛዕባ'ዚ ኢትዮጵያ ትሓቶ ዘላ ኣፍደገ ባሕሪ ክሕብርን ኣድላዪ ስጉምቲ ክወስድን ክሕተት ኣለዎ። ቅድሚ ዝኣገረ ከምዚ ምግባር፡ ክስዕብ ንዝኽእል ሳዕቤን ዝዘትዩ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ዝምድና ሃገራት ኣገዳሲ. ቅድመ ስጉምቲ ንተሓታትነት እዩ። ምኽንያቱ ድሌት ኢትዮጵያ ሕብኡብእ ዘይብሉ ማሰል ተጠቃምነት ዘይኮነ ዋንነት ልዑላዊ ኣፍደገ ባሕሪ (Sovereign Sea Outlet) ምዃኑ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣፉ መሊኡ ብወግዒ ዝዘረቦ ዘሎ እዩ። ስለዚ ሃገራት ናይዚ ከባቢ. ብወገን ንኹሎም ኣካላት ማሕበረሰብ ዓለም ብዛዕባ'ዚ ከፍልጣ፡ እቲ ጉዳይ ካልእ ሳዕቤን ከየኸተለ እንከሎ ዝኣረመሉ ኩነታት ንምፍጣር ጸቕጢ ክገብራ ኣድላዪ ይመስለኒ።

. ኣብ ክልተ ክፋል ዝቐረበ ቃለ-መጠይቕና ንምዝዛም፡ ኣብ መወዳእታ ክብሃል ኣለዎ እትብሎ እንተሎ፡ ዕድል ክንሀበካ፧

ብወገን መራሕቲን ልሂቃንን ኢትዮጵያ ብተደጋጋሚ ዝቐርብ ዘሎ ሕቶ ልዑላዊ ማሰል ኣፍደገ ባሕሪ፡ ንሕጋጋት፡ ስርዓትን መትከላትን ኣህጉራዊ ሕጊ፤ ቻርተራት ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይኮነን። ካብዞም ሕግታትን ስርዓትን መትከላትን ወጻኢ. ድማ፡ ኣብ መንጎ ልዑላውያን ሃገራት ዝህሉ ንኣህጉራዊ ዝምድና ዝትንክፍ ወይ ዝምልከት ሕቶ መልሲ. ዝረኽበሉ ካልእ መንገዲ. ወይ ኣገባብ ፍጹም የለን።

እዚ ሕቶ ልዑላዊ ማሰል ኣፍደገ ባሕሪ እምበኣር፡ ፍጹም ማስመሩ ዝሰሓተ እዩ። ንባዕላዊ እምነት፡ ማለት ታሪኻዊ ኣገዳስነትን ዕብየትን ኢትዮጵያ ምርኩስ ዝገበረ ድኣ እምበር፡ ዝኾነ ጭብጢ መርትዖ ወይ ምኽንያት ዘለዎ ኣይኮነን። ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክህሉ ዝኽእል ዝበረ ሕቶ መሬት፡ ኣፍደገ ባሕርን ካልእን ምስ ምርግጋጽ ናጽነትን ልዑላውነትን ኤርትራ ዝተዓጸወ ምዕራፍ እዩ። ዝ. ክውንነታዊ ሓቂ'ዚ ኢትዮጵያ ብዕላ ኣፍልጦ ዝሃበቶ እዩ። ኣብ ዝኾነ እዋን ንድሕሪት ዝምለስ ወይ ዳግም ግምት ክዋበረሉ ዝኽእል (Retroactively) ኣይኮነን።

ስለዚ፡ ተጠቃምነት ወደብ ይኹን ካብን ናብን ባሕሪ ናይ ምትሕልላፍ ማሰል፡ ኣብ ስምምዕ ናይ ሃገራት ጥራይ'ዩ ዝምርኮስ። ካብኡ ወጻኢ፡ መሬታዊ ሓድነትን ናጽነትን ካልእ ሃገር ምጥሓስ ስለ ዝኸውን፡ ብዝኾነ ምስምስ ክምኽኦ ዘይክእል ንኣውራ ሕመረት ኣህጉራዊ ሕጊ ዝጻረር እዩ።

ኢትዮጵያ፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ብሰላምን ስምምዕን ከምኡ ድማ ኣብ ሓድሕዳዊ ምኽባር ዝተሞርከሰ ተጠቃምነት ኣፍደገ ባሕሪ ጥራይ እያ ክትሓትት ዘለዋ። ዝ. ዞባ ኣብ ካልእ ዕግርግርን ኩናትን ዝሸምም ተግባር ብምስዋር፡ ረብሓ ህዝብታት ናይዚ ዞባ ክትዘርግ ግቡእ ኣይኮነን። ኑየም ኣብ ዞባና ቀንዲ. ዕንቅፋት ምዕባለን ልምዓትን ዝኾኑ (ድርቂ፡ ክሊማዊ ለውጢ፡ ጸጥታውን ድሕነታውን ጸገማት) ምስ ጎረባብታ ሃገራት ብሓባር እናተሓጋገዘት ክትምክት እምበር፡ ንናይ ግዝያዊ ዛዕባታት ከተገልግል ክትብል፡ ነቲ ዘሎ ሽግራት ናይዚ ዞባ መሊሱ ዘጋድድ መሰረት ዘይብሉ ናይ ይግብኣኒ ሕቶ ከተልዕል ግቡእ ኣይኮነን። ሕቶኣ ብቐንዱ ናብ ዞባዊ ሽርክነትን (ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ፖለቲካውን) ምትሕግጋዝን ዘድሃበ ክኸውን'ዩ ዝግባእ።

ኣብ መወዳእታ "ሓሶዊ እንተዘየእመነ የጠራጥር፡ ሓሶት እንተተደጋገመ ሓቂ ይመስል" ከም ዝብሃል እዚ ብወገን ኢትዮጵያ ዝደጋገም ዘሎ ጉዳይ ኣፍደገ ባሕሪ ዋላ እኳ ዝኾነ ሕጋዊ መሰረትን ቅቡልነትን ዘይብሉ እንተኾነ፡ እቲ ብዙሓ. ሓሶታትን ዝሕብኡ ሓብሬታን ንጽዋዕነት ከይናግር ስለ ዝኽእል፡ ብወገን ኤርትራ፡ ክኢላታት ናይቲ ጉዳይ ኣብ መራኸቢ. ብዙሃን ይኹን ካልእ መድረኻት እናምጽኡ፡ መረዳእታ ህዝቢ. ኤርትራ ይኹን ህዝቢ. ኢትዮጵያን ህዝብታት ዞባናን ንምስፋሕ ደጋጊምካ ክዝረበሉ ጸቡቕ እዩ እብል።



መምህር ኢሳይያስ ተኽልያ

---

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ኣሚራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:25 | ዶክመንት |
| 15:10 | ተክኢ.ንሳይት |
| 15:50 | ፓኖራማ |
| 16:05 | ናትራን 1ይ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:20 | ዳህሳስና |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን 2ይ |
| 19:20 | ፊያሪና |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ፊልም 'ክብረት' |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም 'ፈንቅል' |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ቆላሒታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ንመን ከቐድም?



ደዋሊት፤ ሃለው፣ ኣገልግሎት ምኽሪ ድዩ?

ኣማኻሪ፤ እወ ናብ ሃማመተኤ መደብ ኣገልግሎት ምኽሪ ደዊልኪ ኣለኺ። መን ክብል?

ደዋሊት፤ ሄለን እበሃል።

ኣማኻሪ፤ መርሓባ ሄለን። ዕድሜኺ፡ ደረጃ ትምህርትኽን ትድውልሉ ዘለኺ ቦታንዶ ምሓበርክኒ?

ደዋሊት፤ 22 ዓመት ገይረ ኣለኹ። ተመሃሪት ኮለጅ'የ።

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ሄለን። ምኽሪ ደሊኺሉ ዘለኺ ጉዳይ እንታይ ኮን ይኸውን?

ደዋሊት፤ ብዕርክነት ንዓመት ዝኸውን ብሓንሳብ ዝዘርና መማህርተይ ንጾታዊ ርክብ እናሓተተ የሸግረኒ ኣሎ።

ኣማኻሪ፤ ተመሃሪት ክንደይ ዓመት ኢኺ?

ደዋሊት፤ ኣነ ሳልሳይ ዓመት በጺሐ ኣለኹ፣ ንሱ ድማ ራብዓይ ዓመት ኣሎ። ሎሚ ዓመት ክውድእ'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ዕርክነት ንኣኺ እንታይ እዩ?

ደዋሊት፤ ዕርክነት ድኣ፡ ኵሉ ነገር እዩ ንኣይ። ብሕጽር ዝበለ ግና ትሓልየሉ ዝሓልየልካ፡ ትፈትዎ ዝፈትወካ፡ እንተ ተሰማሚዕካ ድማ ክሳብ ሓዳር ዝበጽሕ ንነባሪ ዝምድና ዝመርሕ መሳልል ኢለ'የ ዝሓስብ።

ኣምኻሪ፤ ሕራይ ሄለን። እዚ ዓርከይ ትብልዮ ዘለኺ ወዲ፡ ብዛዕባ ዕርክነት እንታይ ዓይነት ኣተሓሳስባ ከም ዘሎዎ ትፈልጢዶ ትኾኒ?

ደዋሊት፤ ኣነ ደኣ ከምዚ ናተይ ኣተሓሳስባ ኣሎዎ እየ ዝብል። ምኽንያቱ ኣብ ዕላላቱ "ብሓንሳብ ክንነብር እየ ዝደሊ'ዩ፡" ዝብለኒ።

ኣማኻሪ፤ ብሓንሳብ ንኽትነብሩ ዝሓሰብ፡ እሞ ከኣ ጌና ተመሃራይ ዘሎ፣ እንታይ ኮይኑ ደኣ ብዛዕባ ጾታዊ ርክብ ዝደፋፍእ ዘሎ ትብሊ?

ደዋሊት፤ ንሱ እንድዩ ንኣይ ሓርቢቱኒ ዘሎ!

ኣማኻሪ፤ ብዛዕባ'ዚ ዝሓተኪ ዘሎ፡ እንታይ'ዩ ግብረ መልስኺ?

ደዋሊት፤ ኣነ ደኣ ጌና ተመሃሮ ኢና ዘለና። ኣብዚ ዘለናሉ ዕድመን ቦታን ብዛዕባ ትምህርትና ክንግደስ፡ ከም ኣሕዋት ክንተሓጋገዝ፡ ምስ ተመረቕናን ስራሕን ገንዘብን ምስ ሓዝና ሓዳር ምስ ገበርና ነርክበሉ በሃሊት'የ።

ኣማኻሪ፤ ንሱኸ ብዛዕባ'ዚ መልስኺ እንታይ ይብል?

ደዋሊት፤ ብመልስይ ዕጉብ ኣይኮነን። "እንታይ ጸገም ኣሎዎ፣ ኣይትፈትውንን ማለት ኢኺ እዩ፡" ዝብለኒ።

ኣማኻሪ፤ ኣብ መርዓ ዘይበጽሐ ዕርክነት፡ ንፍቕሪ ብጾታዊ ርክብ ጥራይ ድዩ ዝዕቀን?

ደዋሊት፤ ብፍጹም ኣይፋሉን እየ ዝብል።

ኣማኻሪት፤ ብዛዕባ መጻኢ መደባትኩም፡ ናይ ሓዳር ድሌትኩምንከ ተዕልሉዶ?

ደዋሊት፤ እወ ነዕልል ኢና።

ኣማኻሪ፤ ቅድሚ ሓዳር ዝግበር ጾታዊ ርክብ እንታይ ኴንኪ ዘይተቐበልክዮ?

ደዋሊት፣ ብስድራቤት፡ ብሕብረተሰብ፡ ብባህልን እምነትን ቅቡል ስለዘይኮነ። ኣነ ከኣ ነዚ ክብርታት ስለ ዝቐበሎን ብእኡ ክጓዓዝ ስለ ዝደልን እየ። ብተወሳኺ ድማ ንዘይተደልየ ጥንሲ፡ ሕማማትን ናይ ሕልና ዘይቅሳነትን እውን ዝመርሕ እዩ።

ኣማኻሪ፤ እሞ ኣብ ዕላልኩም ብዛዕባኡ ትዛረቡዶ?

ደዋሊት፤ ኣነ እዛረበሉ እየ። ንሱ ግና፡ "ዓለም እናተቐየረት እያ ትኸይድ ዘላ። ባህልን ኣተሓሳስባን ከኣ ይልወጥ እዩ። ሓንቲ ዘሸገር የብሉን ጥራይ ንሕና ንተኣማመን እዩ፡" ዝብለኒ።

ኣማኻሪ፤ ንስኺኸ እንታይ'ዩ መልስኺ?

ደዋሊት፤ ኣብ ጉዳይ ጾታዊ ርክብ ከም ወለዲና ዘጽነሑልናን እምነትና ከም ዝእዝዘናን እንተ ከድና ኢና ንከባብርን ኣብ ሓዳርና እንጸንዕን እየ ዝብሎ።

ኣማኻሪ፤ ክልተኹም ብዛዕባ ኣብ ቅድሚ ሓዳር ዝግበር ጾታዊ ርክብ ዝተፈላለየ ኣተሓሳስባ ኣሎኩም። እሞ እቲ መተዓረቒ ነጥቢ እንታይ ኮይኑ ይስመዓኪ?

ደዋሊት፤ ኣነ ኣዝየ እየ ዝፈትዎ። እንተኾነ ከምቲ ዝበልኩኻ ኣንጻር መትከለይ ዝኾነ ኣተሓሳስባ ኣሎዎ። ኣነ ድማ ብሰነ-ስርዓት ስለ ዝዓበኹ፡ ቅድሚ ሓዳር ዝግበር ጾታዊ ርክብ ብፍጹም ኣይቅበሎን እየ።

ኣማኻሪ፤ ንሱ ግና የገድደኪ ከም ዘሎ ኢኺ ትሕብርኒ ዘለኺ። ካብ መትከልኪ ወጻኢ ክትገብሪ ከም ዘይትድልዩ እውን ሓቢርክኒ ኣለኺ። እንተኾነ ነዚ ወዲ'ዚ ክትከስርዮ ከኣ ከም ዘይትድለዩ ትዛረቢ ኣለኺ። እሞ ምስ መትከልክን ኣተሓሳስባኽን ዝሰማማዕ ወዲ ክትረኽቢ ትኽእሊዶ ኮይኑ ይስመዓኪ?

ደዋሊት፤ ኣበይ ከይሰኣን ደኣ፣ ግና ኣዝየ እየ ዝፈትዎ።

ኣማኻሪ፤ ሄለን ንስኺ፡ "ኣብዚ እዋን'ዚ ቀዳምነት ንትምህርቲ ንሃብ፡ ሕጂ ግዚኡ ኣይኮነን። ኣብ መርዓን ደርዓን ምስ በጻሕና ወለዲና ምስ መረቑልናን ነርክበሉ፡" ኢኺ ትብልዮ ዘለኺ። ንሱ ካብ ኣበየ ንስኺ ድማ ትፈትውዮ ካብ ኮንኪ፡ ንወለዲኹም ሓቢርኩም ክተመራዓው የጸግመኩም ድዩ?

ደዋሊት፤ ቅድም ትምህርተይ ክውድእ ኣሎኒ ዝብል ሓሳብ'ዩ ዘሎኒ። ምስ ተመርዓኹ ውላድ ክመጽእ ይኽእል እዩ። ጌና ከኣ ስራሕ ዘይሓዝና ዘለና። ከይወዳእኩስ መርዓ ኣይሓስቦን'የ።

ኣማኻሪ፤ እሞ እንታይ መፍትሒ ድኣ ኣሎኪ? ንስኺ ኣብ መትከላትን ክብርታትን ህይወትክን መጻኢ መደባትክን ፍቕሪ ዓርክኽን ተቐርቂርኪ ኣለኺ። ናይ ግድን ንራኸብ ዝብለኪ እንተ ኮይኑ ደኣ ነየናይ ከተቐድሚ ይሕሸኒ ትብሊ?

ደዋሊት፤ ካብ ንኽብርታት ሕብረተሰብን መትከላተይን ዘፍርስ፡ ንዕኡ ዋላ እናፈተኹዎ ምግዳፍ ይሕሸኒ ዝብል ሓሳብ'ዩ ኣብ ውሽጠይ ዝመላለሰኒ ዘሎ።

ኣማኻሪ፤ ብውድዓዊ ሕቶታት ከኣ ንነብስኺ እዘን ዝስዕባ ሕቶታት ሕተትያ፥

1. ዕርክነት ማለት ጾታዊ ርክብ ማለት ድዩ?

2.ብዘይካ እዚ ወዲ ካልኦት ኣወዳት የለውን ድዮም?

3. ሕጂ ክብርታትኪ ገዲፍኪ ንሱ ዝበለኪ ምስ ትገብሪ፡ እንታይ ክስመዓኪ እዩ?

4. ናይ ብሓቂ ከምቲ ዝብሎ ንሓዳር ይብህገኪ ምኧኑን ዘይምኧኑን ከተረጋግጺ ትኽእሊዶ?

5. ምናልባት ዘይተሓሰበ ጥንሲ ምስ ትሕዚኺ፡ ሳዕቤኑ እንታይ'ዩ ክኸውን? ዝብልን ካልእን ሕቶታት መሊስኪ፡ እቲ ዝሓሸ ዝበልክዮ ክትውስኒ ትኽእሊ ኢኺ።

ደዋሊት፤ እኹል ግዜ ሂብካ፡ ንኹነታተይ ብኹሉ ሸነኻቱ ክሓስብን ውሽጣዊ ስምዒታተይ ከካፍልን ዕድል ስለ ዝሃብካኒ ኣዝየ እየ ዘመስግነካ። ኣነ ግና ዋላ'ኳ እንተ ፈተኹዎ፡ ስድራይን ሕብረተሰብን ብዘዕበየኒ መገድን ኣነ ተረዲአ ንዝተቐበልኩዎ ብዘየጣዕሳ ዘንብር ክብርታትን ስዒበ ክነብር እየ ዝደሊ።

ኣማኻሪ፤ ብዘኣመንክሉ ክትጓዓዚ ክኽልክለኪ ዝኽእል የለን። ንኽብርታት ሕብረተሰብኪ ኣድኒቕክን ተረዲእኪን ክትነብሪ ምድላይኪ ብወገነይ ከመስግነኪ እደሊ። ንኻልኦት ከማኺ መንእሰያት ክትምህር ትኽእል ኣገዳሲ ጉዳይ ስለ ዘምጽኣክልና ድማ ኣብ ጋዜጣ ከነውጽኦ ኢና።

ደዋሊት፤ ጸገም የብሉን መሃሪ እንተ ኮይኑ ደኣ። ግና ስመይ ዓቅቡለይ።

ኣማኻሪ፤ እዚ ኣብ ጋዜጣ ዝወጽእ ዓምዲ ሕቶ ሽባብ ዕላማኡ፡ ንሕብረተሰብ ብሓፈሻ ንመንእሰያት ድማ ብፍላይ ንምምሃር ስለ ዝኾነ፡ ብናይ ብርዒ ስም ኢና እነውጽኦ። ስለዚ ኣገጣሚ ምስ ስም ዝኾነ ሰብ ዝተኣሰሰር እንተ ኮይኑ ናይ ኣጋጣሚ ምኳኑ ክንሕብር ንደሊ። ዝኸበርኪ ሄለን ብኻልእ ስም ጌርና ኢና ክነውጽኦ ኣይትሰከፊ። ደጊመ ከመስግነኪ እደሊ።

ደዋሊት፤ ኣነ እምበር ከመስግን ይግበኣኒ። ጽን ኢልካ ንዘሎኒ ሓሳባት ሰሚዕካን ተረዲእካን ምኽርኻ ስለ ዝሃብካኒ። ብሩኽ መዓልቲ።

ኣማኻሪ፤ ብሩኽ መዓልቲ።

## ልቦና ኣነቓቓሒ ዛንታ

### ዓለም ክትቅይር ምሕሳብ

ሱራፌል ተ.

ብቓንዛ ዓይኒ ዝሳቐ ሓደ ብዓል ሃብቲ ሰብኣይ ነበረ። ብብዙሓት ሓካይም ተራእዩ፣ ካብ ቃንዛ ግን ኣየዕረፈን። ብዙሕ ከኒና ውሒጡ፣ ውሑድ ዘይኮነ መራፍእ'ውን ተወጊኡ። እቲ ቃንዛ ግን ካብ ዝነበሮ ገደዶ እምበር ኣይጠፍኣሉን። ሓደ መዓልቲ፡ ንተመሳሳሊ ሕማማት ከም ዝፍውስ ዝተነግረሉ ፈላሲ ተጸውዐ።

እቲ ፈላሲ መርመራኡ ኣካየደ። ሸግር እቲ ሰብኣይ ከኣ ተረደኦ፣ "ንዝተወሰነ ግዜ ቀጠልያ ሕብሪ ጥራይ ርአ። ኣዒንትኻ ካልእ ሕብሪ ከም ዘይጥምታ ግበር፡" ክብል ኣዘዞ።

ዝቐደሙ ሓካይም ከምኡ ዓይነት ቀሊል ዝመስል ኣገባብ ፍወሳ ኣይሃቡዎን። በቲ ዝተፈልየ ኣገባብ'ኳ እንተ ተገረመን እንተ ተደናገረን፡ ምናልባት እንተ ተመሰለሉ ግን ክፍትኖ ወሰነ። ሓደ ጉጅለ ቀባእቲ ብምእካብ ንኹሉ ምስ ኣዒንቱ ክጋጠም ይኽእል'ዩ ዝበሎ ነገር፡ ቀጠልያ ሕብሪ ክለኽዩዎ ኣዘዘ። ንሳቶም ከኣ ከምቲ ዝተባህሉዎ ገበሩ። ኵሉ እቲ 'ክርእዮ እኽእል'የ' ኢሉ ዝሓሰቦ ዘበለ ቀጠልያ ሕብሪ ተለኽየ።

ድሕሪ ገለ እዋን እቲ ፈላሲ ደሃዩ ክገብር መጽአ። ንኻንሸሎ ናይቲ ግምቢ ምስ ሓለፈ፡ ሰራሕተኛታት እቲ ሃብታም ሰብኣይ ብጉያ መጺኦም፡ ነቲ ቀይሕ ቀምሽ ተኸዲኑ ዝነበረ ፈላሲ ቀጠልያ ሕብሪ ክለኽዩዎ ጀመሩ። "ጐይታና ቃንዛ ዓይኑ ከይምለሶ ኵሉ ዝርእዮ ዘበለ ቀጠልያ ክንለኽዮ ኣዚዙና እዩ፡" ድማ በሉዎ፡ ብምግራም ተዓኒዱ ምስ ርኣዩዎ።

"ብውሑድ ኣቓርሽ፡ ቀጠልያ ዝቤትርዮኡ መነጸር ክገዝእ ምኸኣለ እንዶ! ነዚ ኵሉ ክለኪ ዘውጽኦ ጸጋ ንኻልእ ምኸኑኖ። ዓለም ምሉእ ቀጠልያ ክትለኽዮ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣረኣእያና እንተ ቀይርና፡ ዓለም ናብቲ ኣረኣእያና ተቐይራ ክትረኣየና እያ። ቅርጺ ዓለም ክትቅይር ምሕሳብ የዋህነት'ዩ፣ ፈለማ ቅርጺ ገዛእ ርእስና ደኣ ንቐይር፡" በለ እቲ ፈላሲ።

inspirationalshortstories.com

# ዜና ዓለም

ሃብተሚካኤል ዑቑባስላሴ

## “ሩስያ ንህንዲ ተወሳኺ ‘ኤስ-400’ ሚሳይል ክትሸጠላ እያ” ተባሂሉ

ሩስያ ንህንዲ ‘ኤስ400’ ዝተሰምየ ዝተራቐቐ ሚሳይል መከላኸሊ ኣየር ንኸተቕርበላ ትዳሎ ከም ዘላ፡ ኣገልግሎት ዜና ‘ታስ’ ንሓደ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ምክልኻል ሩስያ ብምጥቃስ ዝሓለፈ ሰሙን ሓቢሩ።

ህንዲ ኣብ 2018 ካብ ሩስያ ብ5.43 ቢልዮን ዶላር ሓሙሽተ ስርዓት መከላኸሊ ኣየር ኤስ400 ንምዕዳግ ውዕል ድሕሪ ምኽታማ፡ ዛጊት ነቲ ሰለስተ ክትርከቦ እንከላ ነቲ ክልተ ድማ ኣብ 2026 ክትርከቦ ምኳናቶ ዝገለጽ ዘሎ።

ኤስ400፡ ህንዲ ኣብ ወርሒ ግንቦት ምስ’ታ ጎረቤታ ዝኾነት ፓኪስታን ን4 መዓልታት ኣብ ዘካየደቶ ግጭት፡ ነቲ ንወተሃደራዊ መደበራታ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ ፓኪስታን ኣብ ምብርዓን ዓቢ ተራ ከም ዝተጻወተ እየም ሰበ ስልጣን ህንዲ ዝገልጹ።



ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲ ኣብ ግንቦት ንወተሃደራት ሃገሩ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ኤስ400 ንሃገሩ ተራእዩ ዘይፈልጥ ወተሃደራዊ ሓይሊ ከም ዝሃባ ኣፍሊጡ ነይሩ።

ህንዲ ብዘይካ’ዚ፡ ‘ሱኾይ ሱ-57’ ዝዓይነቱ ዝተራቐቓ ነፈርቲ ውግእ እውን ካብ ሩስያ ክትረክብ ምኳና እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ሩስያ ነተን ዘመናውያን ነፈርቲ ውግእ ኣብ ህንዲ ንምፍራይ ዘድሊ መጽናዕቲ ተካይድ ምህላዋ’ውን ማዕከናት ዜና ህንዲ ይሕብራ ኣለዋ።

## “ፑቲንን ዘለንስኪን ክራኸቡ ገና ድሉዋት ኣይኮኑን” ፕረዚደንት ቱርኪ

ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲንን ፕረዚደንት ዩክሬን ቭላድሚር ዘለንስኪን ክሳብ ሕጂ ንኽራኸቡ ከም ዘይተሰማምዑ፡ ፕረዚደንት ቱርኪ ረሲፕ ጣይብ ኤርዶጋን ገሊጹ።

ኤርዶጋን ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ቻይና ካብ ዋዕላ ውድብ ምትሕግጋዝ ሻንጋይ ኣብ ዝምለሰሉ ዝነበረ እዋን ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ ቲያንጂን - ቻይና ምስ ሩስያዊ መዘኑኡ ቭላድሚር ፑቲን ብዛዕባ ግጭት ዩክሬን ኣመልኪቱ ከም ዝተዘራረበ ሓቢሩ።



ቱርኪ ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክሬንን ሰላም ንምንጋስ ዝዓለመ ናይ ዘተ መኣዲ ክተዳሉ ከም እትደሊ፡ ዝኾነ ንምስምማዕ ከኣ ምስ መራሕቲ ሩስያን ዩክሬንን ርክባት ክተካይድ ምኳና ወሲኹ ኣረዲኡ።

ቱርኪ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ ኢስታንቡል ዘዳለወቶ መኣዲ ዘተ ሰላም፡ ወከልቲ ክልቲኤን ሃገራት ተራኺቦም ኣብ ምልውዋጥ እሱራትን ካልኦት ጉዳያትን ክሰማምዑ ከም ዝኸኣሉ’ያ ትገልጽ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ኤርዶጋን ኣብ ቀረባ እዋን ምስ ዘለንስኪን ፑቲንን ብተሌፎን ብዕቱብ ኣብ ዝገበሮ ዝርርብ፡ ክልቲኦም ተጻረርቲ መራሕቲ ንእማመ ሰላም እወታዊ ግብረ መልሲ እኳ እንተ ሂቦም፡ ብኣካል ተራኺቦም ንኽዘራረቡ ግና ድሉዋት ከም ዘይኮኑ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ፑቲን ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ኤርዶጋን ኣብ ዝገበሮ ዝርርብ፡ ነቲ ገና ዝቕጽል ዘሎ ደማዊ ግጭት ብሰላም ንምዕራፍ፡ ኣንካራ ኣብ መጺኢ መንገኛ ኮይና ናይ ምሽምጋል ጻዕርታታ ክትቕጽል ተማሕጺኑ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ መፋርቕ ነሓሰ ኣብ ኣላስካ ምስ ሩስያዊ መዘናኡ ቭላድሚር ፑቲን ተራኺቡ ድሕሪ ምዝርራቡ፡ ኣብ መንጎ መራሕቲ ሩስያን ዩክሬንን ቀጥታዊ ዝርርብ ክካየድ ብተደጋጋሚ ክጽውዕ ምጽንሑ ይዝከር።

## ቀ/ሚኒስተር ስሎቫክያ፡ መራሕቲ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ቤጂንግ ብዘይምስታፎም ነቒፉ



ቀዳማይ ሚኒስተር ስሎቫክያ ሮበርት ፊኮ፡ መራሕቲ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ኣብቲ ቻይና መበል 80 ዓመት ዓወት ካልኣይ ኩናት ዓለም ንምዝካር ዘካየደቶ ድሙቕ ጽምብል ዘይምስታፎም “ዘሕፍር’ዩ” ክብል ገሊጹ።

ፊኮ ነዚ ዝገለጾ ኣብዚ ሰሙን’ዚ ናብ ቤጂንግ ኣብ ዝተበገሰሉ እዋን እዩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ሃገሩ ኣብ’ቲ ቻይና ዘዳለወቶ ዝኽሪ ዓወት ካልኣይ ውግእ ዓለም ንብዩና ወከል ናይቲ ሕብረት ክትከውን ምኳና’ውን ገሊጹ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣጋጣሚ ዓወት ዝተመዛዘበሉ ዓብይ ጽምብል ምስታፍ ኣጋዳሲነቱ ዕዙዝ ምኳኑ ድማ ኣፍሊጡ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ናብ ቻይና ድሕሪ ምእታው፡ ምስ ፕረዚደንት ናይ’ታ ሃገር ሺ. ጂንፒንግ፡ ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲንን ካልኦት መራሕቲ ሃገራትን ከም እተራኸበ’ውን ተፈሊጡ ኣሎ።

ሮበርት ፊኮ ኣብ መግለጺኡ፡ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ፍሉይ ቅርጺ ይሕዝ ከም ዘሎ’ን፡ ሓደሽ ሕግታት ንዓለማዊ ምርግጋእ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምኳኑን ገሊጹ።

መራሕቲ ሕብረት ኤውሮጳ ካብ ዘይተደልየ ስምዒታት ብምውጻእ ናይ ምርድዳእ መንፈስ ከዘውትሩ ከም ዘለዎም’ውን ኣተሓሳሰበ።

ሮበርት ፊኮ ምስ ሓያለ መራሕቲ ሃገራት ዓለም ተጸንቢሩ’ዩ ኣብቲ ዝኽሪ ተሳቲፉ።

ፕረዚደንት ሩሲታ ቭላድሚር ፑቲን፡ ፕረዚደንት ሰርብያ ኣሌክሳንደር ቩቺችን መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡንን ድማ፡ ገለ ካብ’ቶም ኣብቲ ጽምብል ዝተሳተፉ መራሕቲ ሃገራት እዮም።

## ኣፍጋኒስታን - ቁጽሪ ግዳያት ምንቕጥቃጥ ምድሪ ወሲኹ



ቁጽሪ ናይ’ቶም ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ኣፍጋኒስታን ብዘጋጠመ 6.0 ሬክተር ዝዓቐኑ ምንቕጥቃጥ ምድሪ ዝሞቱ ሰባት 1,411 ከም ዝበጽሐ ተገሊጹ።

ብዘሒ ናይ’ቶም ብቲ ባህርያዊ ሓደጋ ዝቖሰሉ ሰባት ድማ 3,124 በጺሑ ምህላዉ፡ ማዕከናት ዜና ዓለም ንሰብ መዚ ናይ’ታ ሃገር ብምጥቃስ ሓቢረን።

ኣብ ትሕቲ ፍርስራስ ኣባይቲ ተደቢዮም ዝለዉ ግዳያት ንምድሓን ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት ተሰፋ ከም ዘይብሉ’ውን እተን ማዕከናት ዜና ይገልጻ ኣለዋ።

ኣውራጃ ኩናር፡ ብቲ ምንቕጥቃጥ ዝያዳ ካልኦት ከባቢታት ኣፍጋኒስታን ተሃስያ ከም ዘላ’ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ብዙሓት ሰባት ብፍርስራስ ህንጻታት ተደቢዮም ስለ ዘለዉ፡ ቁጽሪ ምውታት ክወሰኽ ስግኣት ከም ዘሎ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣረዲኡ።

ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልታት፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣፍጋኒስታን ብ155 በረራታት ሄሊኮፕተር ኣስታት 2 ሽሕ ዝቖሰሉ ሰባት ናብ ዞባዊ ሆስፒታላት ከም ዘብጽሐ፡ ሰብ ሞያ ጥዕና ድማ ንቶም ግዳያት ህጹጽ ረድኤት ኣብ ምሃብ ይረባረቡ ከም ዘለዉ ገሊጹ።

ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣፍጋናውያን ብቲ ባህርያዊ ሓደጋ ከም ዝተጸልዉ ዝጠቐሰ ሕቡራት ሃገራት፡ ብቲ ሓደጋ ንዝተጸልዉ ግዳያት ንምሕጋዝ 5 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ንኣፍጋኒስታን ክሁብ ምኳኑ ወሃቢ ቃል ናይ’ቲ ውድብ ስቴፋን ዱጃሪክ ዝሓለፈ ሰሉስ ገሊጹ።

ከም ብሪጣንያ፡ ሕብረት ኤውሮጳ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ህንድን ዝኣመሰሉ ካልኦት ሃገራት እውን ንሳዕቤናት እቲ ኣጋጣሚ ዘሎ ባህርያዊ ሓደጋ ንምቅላል ደገፍ ክዝብራ ምኳነን ቃል ኣትየን ኣለዋ።

## ኢንዶነዥያ - ኣብ ቤት ትምህርቲ 400 ህጻናት ተመሪዞም

ኣብ ምዕራባዊት ግዝኣት ቤንግኩሉ - ኢንዶነዥያ፡ ኣስታት 400 ህጻናት ኣብ ቤት ትምህርቲ መግቢ ድሕሪ ምብላዖም ከም ዝሓመሙ ተገሊጹ።

ጠንቂ ሕማሞም ብዝጸሩ ንምፍላጥ ድማ መርመራ ተጀሚሩ ከም ዘሎ፡ ኣመሓዳሪ ናይ’ቲ ግዝኣት ገሊጹ።

ኣማኢት ተመሃሮ ናይ ቤት ትምህርቲ መግቢ በሊዖም ከም ዝሓመሙ ዝግለጽ ዘሎ፡ ፕረዚደንት ናይ’ታ ሃገር ፕራቦዎ ሱብያንቶ፡ ንፍሰ ጾራትን ህጻናትን ንምሕጋዝ ዝዓለመ ‘ናጻ መግቢ’ ዝብል ፍሉይ መደብ ድሕሪ ምብጋሱ እዩ ኣጋጢሙ።

ሕማም ናይ’ቶም ተመሃሮ ድሕሪ ምርግጋጹ፡ ፕረዚደንት ፕራቦዎ መበል 80 ዓመት ዝኽሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ንምጽንባል ኣብ በይጂን - ቻይና ኣብ ዝኣተወሉ ግዜ፡ ኣብ መላእ ከተማታት ኢንዶኔዥያ ኣንጻር መንግስቲ ዝቕንዐ ተቓውሞታት ከም ዝተኻየደ ተሓቢሩ።

ነቲ መደብ ‘ናጻ መግቢ’ ዘካይድ ሓላፊ ሃገራዊ ኤጀንሲ ኣመጋግባ ኢንዶኔዥያ - ዳዳን ሂንዳያና ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብታ ቤት ትምህርቲ ምግብና ንተመሃሮ ኣብ ቀረባ እዋን ከም ዝጀመረ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ጠንቂ ናይ’ቲ ኣጋጣሚ ዘሎ ሕማም ክሳብ ዝፍለጥ እቲ ንተመሃሮ ብናጻ ዝወሃብ ዘሎ መግቢ ደው ክብል ምኳኑ ኣፍሊጡ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ’ውን ኣብ ማእከላይ ግዝኣት ጃቫ - ኢንዶኔዥያ 365 ተመሃሮ ናይ ቤት ትምህርቲ መግቢ ድሕሪ ምምጋቦም ሓሚሞም ከም ዝነበሩ፡ እቲ ጠንቂ ድማ ጉድለት ጽሬት ምኳኑ ብመርመራ ተረጋጊጹ ምንባሩ፡ ናይ ሸው ጸብጻባት የመልክቱ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሰለማዊ | 04/09/2025 | ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ.ገዛ 19 ፊት ፋብሪካ ሚዛን ኢያሱ | 07463110 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565